# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 34 ዓመት ቁ.106 | ሓሙስ 2 ጥሪ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ሓድሽ ዓመትን መብጽዓታትን




ገጽ 3 — ኣገልግሎት ጥዕና፡ ንኡስ ዞባ ዓረዛ



ገጽ 4 — ሽባባት ኣብ ሓድሽ ዓመት



ገጽ 5 — ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 7 — ሜሮን፡ ናብ ኣልጀሪያዊት ጋንታ ተጸምቢሩ




# ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2025 ሙዚቃዊ ምርኢት ቀሪቡ




ስኣሊ፡ መርሃዊ መኣዛ

ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2025፡ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላትን ዝተወደበ ሙዚቃዊ ምርኢት (ኮንሰርት)፡ ትማሊ 31 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ቀሪቡ።

እቲ ዕድመ ዝተገበረሎም ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማስኛታትን ካልኦት ተዓዘብትን ዝተረኽቡሉ ምርኢት፡ ብትልሂት ዝተሰነየ ባህላውን ሃገራውን ጣዕመ ዜማታት፡ከምኡ'ውን ግጥምታትን ኣዘንታዊ ትልሂትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

እቲ ንኣስታት ክልተ ሰዓት ዝቐጸለ ምርኢት፡ ብኤራቲቪ ብቐጥታ ተፈንዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንሓዲስ ዓመት 2025 ብሰናይ ትምኒትን ሙብጽዓ ንትሰፋው መድረኽን ብሓጎስ ተቐቢልዎ።

# ኣብ ድግን መንደፈራን፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ተኻዪዱ

ኣብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ድጉ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣሃበርትን ተኻዪዱ።

ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኬሩ፡ ሃዋሻይት፡ ኣፍሂምባል፡ ጆሚል፡ ዓድእብርሂም፡ ለቆች፡ ግርጆናይን ሓሻኪቶን ዝተኻየደ ምርጫ፡ ናይ ኣገልግሎት ግዜኦም ንዝኣኸለ ንምትካእ ምኳኑ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሁመድ ኤላ ሓቢሩ።

ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣሃበርትን ብወገኖም፡ ህዝበን መንግስትን ዘሰከምዎም ሬዚን ሓላፍነት ብምግንዛብ፡ ብዝተወፋይነት ከምዝዮጹ ኣረጋጊጾም።

ሓንቲ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ ኣብ ዝኾነት ንኡስ ዞባ ድጉ ኣብ 80 ዓድታት ዝጥርነፉ ልዕሊ 35 ሽሕ ህዝቢ ይነብሩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ካብ 18 ክሳብ 29 ታሕሳስ ኣብ 15 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ንዝመረጾም ህዝቢ ብፍትሓዊ መንገዲ ንምግልጋል ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ ኣብ'ቲ ንሰለስተ ዓመታት ኣብ ስራሕ ዝጸንሑሉ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ኣብ ጎኖም ብምኳን ክድግፎም ጸዊዖም።

ኣብ'ቲ ናይ ስልጣን ግዜኦም ዝዛበቐ ንምትካእ ዝተኻየደ ምርጫ፡ 11 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 30 ኣመሓደርቲን ኣካየድቲ ስራሕ፡ ከምኡ'ውን 23 ኣሃበርቲ ዓድን 44 ኣኩበቲ ግብሪ ጥሪትን ተመሪጾም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቕያስ ወልደብርሃን፡ ኣብ'ቲ ምርጫ ዝተራእየ ልዑል ሱታፌ ህዝቢ መርኣያ ዝሰረጸ ንቕሓት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ቶም ንስልጣን ኣመሓዳሪ ዝተመርጹ ደቂኣንስትዮ ምኻኖም ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ህዝቕያስ፡ ተመረጽቲ ኣብ ኩሉ ዕማማቶም ብኣድማዕነት ንኽሰርሑ ደገፍ ህዝቢ ከይፍለዮም ኣዘኻኺሩ።




# ዓዲ-ቐይሕ - ኣፍልጦ ሕጊ ንምዕባይ ሰሚናር ተዋሂቡ

ኣዛዚ ፖሊስ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ካፒተን ኪዳነ ፍትዊ፡ ኣፍልጦ ሕጊ ንምዕባይ ብ27 ታሕሳስ ንልዕሊ 2,350 ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ሰሚናር ኣካዪዱ።

እቲ ሰሚናር፡ ኣብ ተራ ተመሃሮ ኣብ ምግታእ ገበናትን በደላትን፡ ሳዕቤናት ሓደጋ ተሽከርከርቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣጠቓቕማ ብሽክሌታን ኮምበር ዘለዎ ጥንቃቐታትን ዘተኮረ ነይሩ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ምስግና ጉብረስላሴ ብወገኑ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ካብ ገበን ክድሕኑ ኣብ ሕጊ ዘለዎም ኣፍልጦ ክዕብዩ፡ ምስ ወለዶምን መምህራኖምን ተሳንዮም ክኸዱ፡ ከምኡ'ውን መጻኢኦም ንምውሓስ ኣብ ትምህርቶም ብሉጻት ክኾኑ ምዒዱ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከምዚ ዓይነት ሰሚናር ቀጻልነት ክህልዎ፡ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ድማ ፖሊስ ኣብ ቦታ ሓደጋ ቀልጢፎም ክርከቡ ተላብዮም።

# ኣፍዓበት - ኣገልግሎት ጥዕና ይመሓየሽ ኣሎ

ኮማዊ ሆስፒታል ኣፍዓበት፡ ብዘተዋደደላ ሓድሽን ዘመናውን ማሽናት ኢክስረይ - ማለት ራጂ፡ ኣልትራሳውንድ፡ ፊዝዮቴራፒን ካልኦን፡ ዝተማልአ ኣገልግሎት ትህብ ከምዘላ ተሓቢሩ።

ወከል ሜዲካል ዳይረክተር ናይ'ታ ሆስፒታል ዶ/ር ነርጆስ ጃብር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቅድሚ'ቲ መሳርሒታት ምውዳዱ፡ ህዝቢ ነቲ ኣገልግሎት ንኽረክብ ናብ ከረን ባጽዕን ካልኦን ክኸይድ ይግደድ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ክልተ ሓደስቲ ክኢላታት መጥባሕቲ ዶክተራት'ውን ስለዝተመደቡ፡ ዝበረ ሕጽረታት ከምእተፈትሐ ገሊጹ።

ሎሚ ዓመት፡ ልዕሊ 40 ሽሕ ዜጋታት እናተመላለሱን ደቂሶምን ከምእተሓከሙ ጠቒሱ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመትን ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመትን ዝዕድመኦም ጊናም ዝተራእዩ ሕማማት ንምቁጽጻር፡ ዕቱብ ስጉምቲ ከምዝወሰድ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ናይ'ታ ሆስፒታል ነርስ ሙሉጌታ ጺጋይ ብወገኑ፡ ኣብ'ታ ሆስፒታል ተዋዲዱ ዘሎ መሳርሒታት ኩነ ተመዲቡ ዘሎ ዓቕሚ ሞያውያን፡ ብዝበዝሕን ዓይነትን ዝምስገን ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ትሕተ-ቕርጺን ጸበብ ክፍልታትን ግን ኣብ ንጥፈታቶም ተጽዕኖ ይገብር ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ኮማዊ ሆስፒታል ኣፍዓበት፡ ንዜጋታት ንኡስ ዞባ ኣፍዓበትን ሳሕሎም ንዝመጹ ዜጋታትን ኣገልግሎታት ትህብ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ሓደሽ ዓመትን መብጽዓታትን




ኣብ እተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝነብሩ ህዝብታት፡ ንሓድሽ ዓመት ብዝተፈላለየ ባህልታት ይቕበልዎ። እዚ ስለዝኾነ ከኣ ሓዱሽ ዓመት ካብ ተጀሚሩ ዝሓለፉ ዓመታት ዝበለጸ ሰላም፡ ቅሳነት፡ ዕድላት … ሒዙ ክመጽእ ብምትስፋው፡ ሰባት ንሓድሕዶም ሰናይ ትምኒቶም ይገልጹ። ኣብዚ ቅንያት ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝነብሩ ህዝብታት፡ ንሓድሽ ዓመት ብልዑል ፈንጠዝያ ክጸምብልዎ ተራእዮም። ከምኡ ድማ፡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ውሽጢ ሓጺርን ነዊሕን ግዜ ክተግብሩዎም ዝወጠኑዎም መደባት ክሕንጽጹ ተራእዮምን ተሰሚዖምን።

ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት፡ ብዙሓት ካብና ኣብታ እትቕጽል ዓመት ክንተግብሮ ንእንደሊ መደባት ንሕንጽጽ። ካብዚ ዝቕጽል ክይከውን ኣይተርፍን ድማ፡ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ብርክት ዝበሉ መብጽዓታት እንኣቱ። እንተኾነ ለውጢ ወይ ዕብየት ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ጥራይ ክኸውን ኣይግባእን። ብዘይካዚ፡ ነቶም እንኣትዎም መብጽዓታት ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ተመሊስና ምስ እንፍትሾም፡ ክንደይ ካብኦም ኮን ኣተግቢርናዮም ንኸውን? እምበኣርከስ፡ ሓደ ነገር ንምፍጻም ግድን ኣይኮነንን ንሓድሽ ዓመት ክንጽበ ዘለና። ብዘይካዚ፡ ዓቢይ መደብ ስለዝሓንጸጽና ጥራይ ኣይኮነን ለውጢ እነምጽእ። እንታይ ደኣ፡ ኑቲ ክንበጽሖ እንደሊ ዕላማ ንኽንጭበጥ፡ ፈለማ ኣብ'ቶም ንኣሽቱ ንጥፈታት ክነተኩር ይግባእ። ንኣብነት፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዓመት ክንበጽሖ እንደሊ ደረጃ ዕብየት፡ ብናይ መዓልታት ዕማም'ዩ ዝበሃል።

ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ዘተዓደለና 24 ሰዓታት ብኸመይ ኣብ ረብሓና ነውዕሎ እንተፈሊጥና፡ ኣብ መወዳእታ ፍረ-ጻዕርና ክንሓፍስ ግድን እዩ። ኣብ ጉዕዞ ቁረጸኛት ኣጉዱሲ እዩ። ኣብ'ቶም ክንፃጾም እንደሊ ስርሓት ተወላወልቲ ወይ ላንጋላንጋ እንተ ኼንና፡ ክነዕውት ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ንዝበራት ኣመዛዚንና ምፍታሹ፡ ክመጽእ ንዝኽእል ሳዕቤን ግና እንክሎ ክንክላኸሎ ዝሕግዝ እዩ። እንተኾነ፡ ምሕር ምጥርጣር፡ ኑቲ ኣብ እዋኑ ክንዓሞ ዝጥዕኦና ዘታርፍ እዩ። ልምዲ 'ምውንዛፍ' ኣብ ውሽጦም ዝሰረጸ ሰባት፡ ለውጢ ንምምጻእ ኣብታ እትመጽእ ዓመት ኩሉ ሕልሞም ክተግብሩ ይሕልኑ። ምውንዛፍ፡ ግዜኻ ጥራይ ኣይኮነን ዝሰርቀካ፤ እንተላይ ዕድላትካ፡ ዓወታትካን ካልእ ብልጫታትካን እውን ይምንዝዖካ እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ዝተዋፈሮ ዕማም ልምዲ ምውንዛፍ ዘዘውትር እንተኾይኑ፡ ናብቲ ክበጽሖ ዝደሊ ደረጃ ዕብየት ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይ፡ ኣመል ምውንዛፍ እንተሎ ዓወት ስለዘየሎ፡ ብኣመል ምውንዛፍ እተሃዝአ ዓወት ክህሉ'ውን ፍጹም ዘይሕሱብ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ'ቲ ናይ ምውንዛፍ ኣመልካ ንዘኸሰርካዮም ዕማማት፡ "ኣብ'ዛ እትመጽእ ሓዳስ ዓመት ክተግብርዎም እየ" ትብል እንተዄንካ፡ ንዝኡ-ርእሰኻ ትቕሽሽ ከም ዘለኻ ኣይትዘንግዕ።

ኣብ ርእሰ'ዚ፡ እተፈላለየ ወልፊ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ እዋን ሓድሽ ዓመት፡ "እዚ ወልፊ ኣብ ሓድሽ ዓመት ጠቕሊለ ክገድፎ'የ" ዝብል ሓሳብ ክደጋገሙ ይሰምዑ እዮም። ወዮ ሓድሽ ዓመት - ካልኢት፡ ደቒቕ፡ ሰዓት፡ መዓልታትን ሰሙናትን ተላዒልዋ ክብቀዕ ኑቲ ወልፊ ጠቕሊሎም ክርሕርሕዎ ዘይከኣሉ - ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ብዙሓዩለ መልክዑ ክቕጽሉዎ እዮም ዝረኣዩ። የግዳስ፡ ኣብዚ ክንስሕቶ ዘይግባኣና፡ ገለ ውሑዳት ሰብ ወልፊ ኑቲ ዘጠቕዎ ሓሳብ ናብ ተግባር ኣብ ምስግጋር ይዕወቱ እዮም። ካብቲ ሓሊኹ ሒዝዎም ዝበረ ወልፊ ተናጊፎም፡ መለኽቲ ወይ ተቖጻጻርቲ ስምዒታቶም ይኾኑ። ብኣንጻር'ዚ ድማ፡ ብዙሓት ኣብ ደሮ ሓድሽ ዓመት፡ "ምስ'ዚ ወልፊ ካብ ጽባሕ ክፈላለ'የ" እናበሉ ክፍቅሩን ክምድሩን ኣምስዮም፡ ኣንጊሆም መሬት ክይወገሐ ከም ኣመሎም ኣብ ዝቐቶ እቲ ወልፊ ይእለኹ።

ንኣብነት፡ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ ዘለዎም ሰባት፡ ወግሐ-ጸብሐ ብቐረብቶምን ካልኦት ኣካላትን ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ይንገሮም እዩ። መርዚ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ውሽጢ ኣካላት ምስ ተኣከበ፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ምዃኑ ይሕበር እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ መንገዲ ሰብ ሓዳር ዘይምስምማዕ ስለዘፍጥር፡ ፍትሕን ቁጠባዊ ሃስያን ከጋጥም ይረአ። ብተወሳኺ፡ ብዙሓት ካብቲ ወልፊ ክናገፉ ዘይከኣሉ ብኣኡ ተደፋፊኦም ነፍሰቅትለት፡ ጎደን ዓመጽን ክፍጽሙ ይረአዩ። ስለዚ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዳርጋ ኩሎም ወልፈኛታት ኣልኮላዊ መስተ ምልእ-ብምልእ ክገድፍዎ ይወጥኑ። ገለ ተብዑት ንኸሉ'ቲ ኣብ ውሽጦም ዝህውጾም ስምዒታት ሰዒሮም፡ ካብቲ ወልፊ ንሓዋሩ ይናገፉ። ብኣንጻሩ ድማ ካልኦት ብዙሓት ሓሳቦም ከይተግበሩ ይተርፉ። የግዳስ፡ ለውጢ ኣብ ሓድሽ ዓመት ጥራይ ዝኾኑ፡ ካብ'ታ ክንልወጥ ሓሳብ ዘጠንሰናላ ህሞት ከም ዝጀምር ክንፈልጥ ይግባእ። ስለዚ፡ ወህብዶ ናይ ሎሚ ደኣ'ምበር ወህብዶ ናይ ጽባሕ ዘይንፈልጦ ክሳብ ዝኾነና፡ ንለውጢ ሕጂ ንጀምር።

ርሑስ ሓደሽ ዓመት!

## ሕጉስ ንምኳን ዝሕግዙ ነጥብታት

1. ደስ ይንኣስ፡ ብዙሓ ዝፈጸምካዮ ዕማም ሓበን ክስመዓካ ኣለዎ። ወትሩ ብውሽጣዊ ድሌትካ ተደሪኽካ ብዙሓ እትፍጽሞ ነገራት ሓጎስ ክስመዓካ ኣለዎ። እቲ ምንታይ፡ ብድሌት ንዝኡ-ርእሰኻ ተደሪኽካ ጥራይ እትኣምኖ ዕማም ምፍጻምካ ክሽርዓካ ስለዝኾኖ። ዋላ'ውን እቲ ዘጠለቦ ስራሕ ዕወት ኣይኸነ፡ ብዘይዳ ተስፋ ኣብሪኽካ ንዝሓለፈ ጌጋታትካ ብጊቡእ መርሚርካ፡ ጉዕዞኻ ክትቕጽል ይግባእ። ስለዚ፡ ኢድካ ኣጣሚርካ ማና ካብ ሰማይ ክወርደካ ካብ ምጽባይ፡ ገለ ነገር ብዓቕምኻ ንክትገብር ምውሳንካ እቲ ዝበለጸ ምርጫ። ምናልባት፡ እቲ ዘጠለቦ ውጥን እንተፈሸለ ከይተሓለልካ ብምፍታን፡ ናብቲ እትደልዮ መድረኽ ክምርሓካ ዝኽእል መሳልል ምዃኑ ኣይትዘንግዖ። ብዝፈጸምካዮ ክትኮርዕ'ምበር ክትጠዓስ ኣይግባእን። እምበኣርከስ፡ ብእንፍጽሞም ተግባራት ሕጉሳት ምስ እንኸውን፡ ዕጋበት ውሽጥና ድማ ብኡ ማጠን ክዕቢ ይጀምር።

2. ንሕሉፍ ከም መንጠሪ ባይታ ተጠቐምካ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ክተተኩር ይግባእ። ኣብ ጉዕዞ ምንባር ብዙሕ ጸገማት ገጢሙካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እምበኣርከስ በቲ ኣብ ሕሉፍ ዘጋጠመካ ዕንቅፋት ሰንቢድካ፡ ኣብ ምምራርን ምዕዛምዛምን ግዜኻ ክተጥፍኦ ኣይግባእን። እቲ ምንታይ፡ ምስጢር ዓወት - ንሕሉፍ ከም መምሃርን ተመኩሮን ወሲድካ፡ ኣብ ሓድሽ ምዕራፍ ምህላውካ ተገንዚብካ ንቕድሚት ምብጋስ ስለዝኾነ። ንድሕሪ ሕጂውን እንተኾነ ንኸሉ ተጻዊርካ ከም እትሓልፎ ንዝኡ-ርእሰኻ ክተእምን የድሊ። ስለዚ፡ ንሕሉፍካ እናዘከርካ፡ ብኣውራኡ ኣብ መጻኢ ክትተግብሮም ብዙሓ ዝገበርካ ወጥናት ኣብርቲዕካ ንምስራሕ ጸዓር። ኣብ ሕሉፍ ምንባር ጠንቂ፡ ንሎሚ ብጊቡእ ብምንባር ሓጎስ ውሽጥኻ ንምውሓስ ኣሐይልካ ስራሕ።

3. ትጽቢትካን ክውንነትን ዋላ እንተ ዘይተጋጠሙ፡ ብእትረኽቦ ወጽኢት ዕጉብ ክትከውን ኣሎካ። ኣብ ጉዕዞ ምንባር ኩሉ ዝመደብናዮ ዕማም ከም ዝደለናዮ ክትኮነልካ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ገለ እዋን እቲ ኣዚኻ ዝደኸምካሉን ዝጻዕርካሉን ጉዳይ፡ ዘይትጽምኒካ ወጽኢቱ ኣገዶ ትሐሉት ክኸውን ይኽእል እዩ። እምበኣርከስ "ንምንታይ ፍረ-ጻዕረይ ዘይረኸብኩ" እናበልካ ኣብ ክንዲ ምስ ንዝኡ-ርእሰኻ ኣብ ረጸሚ እትኣቱ፡ ንዝረኸብካዮ ወጽኢት ምቕባል እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ። ንኣብነት፡ ምሕር ባህጊ ወላድ ዘለዎም ክልተ መጻምድቲ፡ ወላድ ንኽረኽቡ ብዙሕ ጻዕርታት ዋላ እንተኣካየዱ፡ ዘይከም ትምኒቶም ወላድ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ኣብ ከምዚ ክትቅየሮ ወይ ክትልውጦ ዘይትኽእል ፈታኒ ኩነት፡ ኑቲ ጉዳይ ንግዜ ገዲፍካ ተስፋኻ ኣብሪኽካ ጉዕዞኻ ምቕጻል'ዩ እቲ ወሳ። ምኽንያቱ፡ ህይወት ብሓደስቲ ፍጻመታት ዝመልአት ክሳብ ዝኾነት፡ ብዘይጨበጥካዮ ወይ ብዘይሰለጠካ ጉዳይ ኩተማርር ክትብል ጣዕሚ ህይወት ክይሓልፈካ ምጥንቃቕ የድሊ። ሓጎስ ካብ ውሽጣዊ ርድኢትካን ሓሳባትካን ዝፍልፍል ደኣ'ምበር፡ ካብ ግዳማዊ ዓለም ዝርከብ ኣይኮነን። እዚ ስለዝኾነ ንጸገማትካ ናብ ጸጋ ለዊጥካ፡ ንሓጎስካ ካብ ውሽጥኻ ክትፈጥሮ ጸዓር።

4. ንዕንቅፋት ህይወት ኢድካ ኣይትሃብ፡ እየም ትዕገስቲ፡ ተስፋን ዓቕልን ዘይብሎም ሰባት፡ ወትሩ ንሽግር ዝተቓለዑ ምዃኖም ኣይትዘንግዖ። ከም ዝፍለጥ፡ ህይወት ብዕንቅፋታት ዝጸጸት መናፈሻ ኣይኮነትን። እንታይ ደኣ፡ ሎሚ ጥራይ ዘይኮነት፡ እንተላይ ሓርጎጽጎጽ'ውን ኣለዋ። ስለዚ፡ ከም ቲ ንኸሉ ነገር መሪጸምታ ዘለዎ፡ ንሽግራትካ'ውን መኸተምታ ከም ዘለዎም ተገንዚብካ ጉዕዞኻ ቀጽል። ግዜኡ ይንዋሕ ይሕጸር ብዘዮገድስ እምበር፡ ፍረ-ጻዕርኻ ከም እትሓፍስ ክትኣምን ኣሎካ። ኣብ ዓለምና እየም ዘደንቕ ምህዞታት ዘበርከቱ ሊቃውንቲ፡ ብዘጋጠሞም ጸገማት ከይተዓሉ ምርምራቶም ሳላ ዝቐጸሉ'ዮም ክዕወቱ ክኢሎም። ብኣንጻሩ፡ ንሽግር ምስ ኣጋጠመካ ብቐጥታ ትጽሎን ተስፋ ትቖርጽን እንተ ኼንካ፡ ብኡ ማጠን ሕጉስ ክትከውን ኣይትኽእልን። ስለዚ፡ ዓወትን ውድቀትን ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ምዃኖም ክትግንዘብ ኣሎካ፡ ዓወትን ውድቀትን ዘይዕጸጸል ምዃኑ ብዕምቆት ድሕሪ ምግንዛብካ፡ ንዕንቅፋት ኢድካ ኣይክትህበን ኢኻ። ከም ወጽኢቱ ተስፋኻ ወትሩ በሪኽ ክኸውን፡ ሓጎስካ ድማ ማዕረ-ማዕረኡ ክሰጉም ግድን እዩ።

5. ሽግራትካ ብቐሊል ዝበለ መንገዲ ክትጥምቶም ፈትን። መቸም ሽግር መናብርቲ ደቂ-ሰብ ምዃኑ ዘይሰሓት ሓቂ እዩ። ኣብ ዓለም ብዘይ ሽግር ዝሓለፈ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ ውልቃዊ ሽግርካ ሓሊፌ ምኻኑ ኣሚንካ፡ መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ተዋፈር። ንኣብነት፡ ጸገምካ ምስ'ቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ኣውዲደሮም፡ ሽግርካ ዘይከም'ቲ እትግምቶ ቀሊል ምዃኑ ክተስተብህል ኢኻ። ከምዚ ዓይነት ኣፍሰዛዛ ብፍጹምነት ምስ ኣቕደካ ዝዩዳ ሓያልን ርእሱ ተኣማንነት ዘለዎን ክትከውን ኢኻ። ኣብ መጻኢ ንዘጋጥሙኻ መሰገደላት ንኽተፍሽል'ውን ኣይትሸገርን። ኣብ ርእሰ'ዚ፡ ንኹሉ መደባትካ ግዜ ፍለየሉ። ኩሉ ዝመደብካዮ ኣብ ሓደ እዋን ክትፍጽሞ ኣይትተሃንደድ። ከምኡ'ውን፡ ህይወት ብሰላም ንክትቕጽል ጥዕና መሰረታዊ ነገር እዩ። ብዘይጥዕና ብጊቡእ ክትሰርሕ፡ ክትሓስብ፡ ክትዕወትን ካልእ ንጥፈታት ክትካየድን ምሕር ዘጸግም እዩ። ስለዚ፡ ከም'ቲ ኣብ ሓደ ደረጃ ዕብየት ንኽትበጽሕ እትገብሮ ቃልሲ፡



ማዕረ-ማዕረኡ ድማ ጥዕናኻ ኣብ ምውሓስ ግቡእ ኣመጋግባን ፍኹስ ዝበለ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ከተዘውትር ይምከር። እቲ ምንታይ፡ ድምር ናይ ኩሉ እተካይዶ ጻዕሪ ሕጉስ ክትከውን ስለዘኽእለካ።

6. ብቐዳምነት፡ ውልቃዊ ድሌታትካን ባህግታትካን ክትሰርዕ ይግባእ። ንኹሉ ሰብ ከተሐጉስ ትፍትን እንተዄንካ፡ ብርግጽ ንሓጎስ ውሽጥኻ ከተህድሞ ኢኻ። ቅድሚ ኹሉ ንውሽጣዊ ድሌትካ ተማእዚዝካ፡ ነቲ ክትከውን እትኽእል ክትከውን ፈትንን ጽዓርን። ንቀዳምነታትካ ገሲጽካ ጠለባት ካልኦት ከተማልእ ምፍታን ግን ጸቕጢ ፈጢሩ ኣብ ሓሸወየ ከንብረካ እዩ። ንስለ ዓወት ንዝኡ-ርእሰኻ ኣብ ክንዲ ምዕያይ፡ ሕልሚ ካልኦት ንምትግባር ተሳቲ እንተዄንካ፡ ዕምርኻ ብሽንቱ ንኽሓልፍ ትፈርዶ ከም ዘለኻ ይስወጠካ። ዋላ'ውን ነዮም መቐርብኻ እትብሎም ከተሐጉስ ኢልካ፡ ንቐዳምነታትካ ዕሽሽ ብምባል ብዙሕ እንተጸዓርካ፡ ኣብ መወዳእታ ንኹሉ ከተሐጉስ ከምዘይትኽእል ምግንዛብ ከድልየካ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ምንባር ሓሳብን ዘይደጋገፍን ክሳብ ዝኾኑ፡ ድሌታትካን ባህታ ዝህቡኻ ነገራትን ካብ ምፍጻም ድሕር ኣይትበል። እትረኽቦ ወጽኢት ብዝዮገድሰ ወሽጥኻ ዝኣዘዘካ ብምትግባርካ ጥራይ ሓጎስን ዕጋበትን ክስመዓካ እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሶሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኣገልግሎት ጥዕና፡ ንኡስ ዞባ ዓረዛ

*ስእሊ፦ ኣብርሃም በየነ*

*ልዕሊ 80 ሽሕ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ቅድሚ ናጽነት ብዘይካ ኣብ ዓረዛ ኣገልግሎት ጥዕና ዝህብ ካልኦት ትካላት ከም ዘይነበሮ ዝሕበር። ድሕሪ ናጽነት፡ በበቑመቱ ኣብ ዝተኻየደ ወፍሪ ልምዓትን ህንጻትን ሃገር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣተን ንመዓወብቲ ዓዲታት ንኡሳን ዞባታት ማይምንን ሞልቀን ዘገልግላ ሓፂሸ፡ ኣብ ዓረዛ ማይደማ ኣብ ዓዲ-ወሰኽ ዝባን ደብረ ዓዲ ጉሮቶ፡ ዓዲ-ጉልቲ፡ 7 ትካላት ጥዕና ኣለዋ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ን10ታት ዓመታት ማእከል ጥዕና ኮይና ዘገልገለት ትካል ጥዕና ዓረዛ ናብ ኮማዊ ሆስፒታል፡ መደበር ጥዕና ከተማ ማይደማ ድማ ናብ ማእከል ጥዕና ዓቢዮን ደርጊቡ።*

*ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣብ ርእሲ'ቶም ምዱብት ሓኪይም፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታትን ዓድታትን'ቲ ንኡስ ዞባ እናተንቀሳቐሱ ምኽትታል ጥዕና ኣደን ህጻንን ኣፍሰ ጸራትን ሓራሳትን ዘኪዩዱ፡ ብምምስትረ ጥዕና ግቡእ ክትትል እናተገበረሎም ዝግዘብዎም ኣፋውስ ዓጢቓም ዝንቀሳቐሱ ብርክት ዝበሉ ሓኪይም ዓዲታት ምህላዎም ሰኑየት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ይሕበር። ቀጺልና፡ ብዛዕባዚ ዝኸፈለ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ዘርኣም ዘሞ ናይ ዘካየድናዮ ቃለ-መሕተት ብኸምዚ ዝስዕብ ጸሚቅና ናቕርቦ ኣለና - ሰናይ ንባብ-*

ኮማዊ ሆስፒታል ዓረዛ ንደረጃኡ ዝምጥን ብርክት ዝበሉ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዘጸሩ ዘመናውያን ናውቲ ሕክምና ዓጢቑ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከብ። ኣብዚ ከም ዓቢ ዕድል ዝገለጽ፡ ዓረዛን ማይደማን ተጠቀምቲ 24 ሰዓት ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ'ውን ስለዝኸፍና፡ ናይ ጉዳእ ርእሱን ንዕኡ ዝቐጽን ህንጻ ዘድልየን ንምትግባሩ ድማ ወጥን ወጺኡ ከምዝሎ ዝተገልጸልና ኣገልግሎት መጸር ወኸጣዊ ሕማማት (ረጂ) እንተዘይኪኢዩ፡ ሰኣን ኤሌክትሪክ ዝበኮር መሳርሒ የለን። ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ ኮማዊ ሆስፒታል፡ 41 ዓራት መደቀሲ ሕሙማት ኣሎ። ኣብዚ ግን ዓቕሚ ሰብ ምውሳኽ የድሊ።

### ኣሰንፍቲ ሕማማት

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ሕማም ዓሶ ጉሊሑ ካብ ዝረኣዩ ሕማማት ሓደ'ዩ። ነዚ ሕማም'ዚ ንምቍጽጻር ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ፡ እዚ ሕማም ክሳብ 2021 ርኡይ ምንቁልቋል ኣርእዩ'ኳ እንተነበረ፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት መሊሱ ክጉልሕ'ዩ ተራእዩ። ገለ ካብኦም ዝያዳ ክጉልሕ ጠንቂታት ዝኾኑ ድማ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ብዓበኡ ኸኣ ሽለልትነት ናይ ህዝቢ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ተርእዮ'ዚ ሕማም ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምጉዓዝ፡ ብሓይሊ ዕማም ዝሰርሑ ህዝቢ'ቲ ንኡስ ዞባ ዘካተተ ከሰን መሓውርት መንግስቲ'ቲ ንኡስ ዞባ ብሓባር ዝተሳተፍኦ ሰፊሕ ስራሕ ስለዝተሰርሐ ግን፡ ኣብዚ ዓመት ቀሩብ ናይ ምንቁልቋል ተርእዮ ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ተርእዮ'ዚ ሕማም ጉሊሑ ኣብ ዝረኣየለን ዓዲታት'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ምንጻግ ጸረ-ጣንጡ መድሃኒት ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ስራሕ ይተኣደን ናመሲያ ይዕደሉ። ንኣብነት፡ ለም ዓመት ጥራይ 43,530 ናመሲያ ናብ ህዝቢ ከምእተዓደለ ሱዑት ጨንፈር ኣገልግሎት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ የመልክት። እዚ ይኹን'ምበር ኣብ ገለ ከባቢታት ሄሩር ይጉብረልና፡ ትኻን የምጽኣልና...ወዘተ ብዝብል፡ ኣብ ተጠቃምነቱ ሸለልትነት ከምዝርኣን እዚ ከይኣክል፡ እናቐደደካ ንመሳርሒ ዓራት፡ ገመድ፡ መሸፈኒ መጋረጃ እኽሊ'ን ሓሰርን...ዝጥቀምሉ ከምዘለዉ'ውን ተረዲእና። ብኻልእ መዳይ፡ ጨንፈር ጥዕና ብሞያኡ ንኣሉታዊ መረጻኢታ ናመሲያ ንምቕያር፡ ምስ ምምሕዳራት ከባቢ ተወሃሂደካ ምክትታል ከምዝዋገር ተሓቢሩና።

ብዙሕ ኣሰኻፊ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ድሕሪ ሕማም ዓሶ ልዑል ኣተኩሮ ዝወሃቦም ወጽኣት ዝኣመሰሉ ማይ ወለድ ሕማማት ኣለዉ። ህዝቢ፡ ኣብ'ዞም ብማይ ወለድ ዝስዕቡ ሕማማት ንኸይተሓዝ ንምብራኽ ቀጻሊ ገስጋሳን ኣስተምህሮን ይግበረሉ። ከም ሳልሳይ ዝርአ ድማ፡ ምስ ክሊማዊ ምልውዋጥ ኣየር ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ሳሕቲ ዝኽሰት ጉንፋዕ'ዩ። ካልእ፡ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ሓለፍም ብዓይኒ ሰግኣት ዝጥመቱ ሕማማት የለውን ንምባል ይከኣል።

### ቀረብ መድሃኒት

ኣብ ቀረብ መድሃኒት ሕቶ የለን - ምሉእ'ዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ መደበራት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ንሕጸረት ስርዓተ እስትንፋስ ዘጋርሞም ሕሙማት ዘገልግል ኣገልግሎት መፍረ ኦክስጂን ተዋዲዱለን ይርከባ። ንሕማም ሽኮር፡ ኣዝዮ ሕማም ኣእምሮ...ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት መድሃኒት ብናጻ'ዩ ዝወሃብ - እኹል ትሩፍ ቀረብ ድማ ኣሎ። ካልእ፡ ሓደ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ዝገብሮ መርመራ፡ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደሙ ንምፍላጥ፡ ኣብ ወሸጢ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ግዜ፡ ኣብ ዓመት ድማ ኣርባዕተ ግዜ መርመራ ክገብር የድልዮ። ብዙሓት ምኽንያታት ኣብ ግምት ብምእታው ግን፡ ኣብ ዓመት እንተወሓደ ክልተ ግዜ ክዝርፍ ዘይብሉ'ዩ። ነዚ ንምግባር ንኣስመራ ወይ መንደፈራ ክኸይድ ይግደድ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን፡ እታ ነዚ ንምንጻር እተገልግል ማሽን (መሳርሒት) ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ዓረዛ ስለዘላ፡ ሕሙማት ብቐረባ ኣገልግሎት ክረኽቡ ክኢሎም ኣለዉ። እዚ ከኣ ንሽፋሓትን ዕብየትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዘወሃብ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ዘጸር እዩ።

### ክንክን ጥዕና ኣደን ህጻንን

ሓንቲ ትካል ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓረዛ ንኣስታት 11 ሽሕ ህዝቢ ኣገልግሎት ትህብ። ጥዕና ሰድራቤት ኮምን ኣገልግሎት ሕርሰን ጥንሰን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብዕምቈት ካብ ዝስረሓሎም ዕማማት'ዮም። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትካል ጥዕና ዝተመደቡ ክኢላታት ሕርሰን ጥንሰን ስለዘለዉ፡ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ኣገልግሎት ክንክን ኣደን ህጻንን፡ ክንክን ቅድምን ድሕሪን ሕርሲ ብስሩዕ ይወሃብ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ብስፍሓት ክሰርሓሉ ብዙሕ መንጸር ዕቤት ከመዝዝብን ክርኢ ኣኽኢልዎ ይርከብ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ 2021 ክሳብ ሰለስተ ርብዒ ናይ 2024፡ ካብ ቅድሚ ወሊድ ክሳብ 9 ወርሒ ኣብ ዘሎ ግዜ ብቐፅ ኣገልግሎት ጥዕና'ዩ ተዋሂቡ። ንኣብነት፡ ኣብ 2021፡ 76 ሚእታዊት ክነብር ከሎ፡ ኣብ 2022 ድማ፡ ናብ 86 ሚእታዊት ደይቡ። ኣብ 2023 ድማ፡ 87 ሚእታዊት ክኸውን ከሎ፡ ክሳብ መወዳእታ 2024 ከኣ፡ 80 ሚእታዊት በጺሑ ነይሩ። ከም መትከል ውጥን ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ነበሰጾራት፡ መታን ግቡእ ምኽትታል ክግበረለንን ዘድልየን መድሃኒት ክረኽባ፡ ካብ ፈለማ ናይ ሰለስተ ወርሒ ጥንሰን ኣትሒዘን ናብ ትካል ጥዕና ክመላለሳ ኣለወን'ዩ ዝብል። ዝበዝሓ ነበሰጾራት ንኡስ ዞባ ዓረዛ ግን፡ ምስ መንበሮን ራሕቂ ቦታታትን ብዝተኣሳሰር ምኽንያታት፡ ካብ ሻዱሻይ ወርሒ ጀሚረን ናብ ትካላት ጥዕና ይመላለሳ።

### ኣብ ኣገልግሎት ሕርሲ

ሓንቲ ነበሰጾር ኣደ ኣብ ትካል ጥዕና ክትሓርስ ከምዘለዋ ትፈልጥ'ያ። የግዳ ብሰንኪ ጂኦግራፍያዊ ሰፍሓትን ኣቀማምጣ'ን'ቲ ንኡስ ዞባን ከምኡ'ውን ኣብ ገጠር ዝርአ ሕጽረት መጓዓዝያ፡ ኣብ ገዛ ክትሓርስ ዝግደዳ ኣለዋ። እተን ኣብ ከተማን ናብ ከተማ ቀረባት ኣብ ዘለዋ ዓድታት ዝነብራ ግን፡ ኣብ ቀረባኣን ዝርከብ ትካላት ጥዕና'የን ዝሓርሳ። ነዚ ጸገም ንምፍታሕ ሓንቲ ኣብ ዐብልን ከበባኣን፡ ሓንቲ ኣብ ማይደማን ከበባኣን፡ ሳልሰይቲ ድማ ንዓረዛን ከበባኣን ናብ መወከሲ ሕክምና መንደፈራ ዘመላልሳ ኣምቡላንሳት ኣለዋ። እንተኾነ ምስ ግዜ ተወሰኽቲ ኣምቡላንሳት ከም ዘድልያ ብሩህ ነገር እዩ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 151 ሰብ ሞያ ጥዕና ኣለዉ። ኣብ ርእሲ'ዞም ምዱባት ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ሕማም ዓሶ ኣብ ምቍጽጻር ዝለዓለ ግደ ከምዘለዎም ዝጥቀሱ 73 ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣለዉ። ካብዚኦም እቶም 13 ድርብ ዕማም ማለት ንሕማም ዓባይ ሰዓልን ዓሶን ኣጣሚሮም ዝዋሙ'የም። ዕማም ወከልቲ ጥዕና ዓዲ፡ ሕማም ዓሶ ኣብ ምቍጽጻር ኩይኑ፡ ምሉእ ዕጥቂ ዓጢቖም፡ ንሕሙም ባዕሎም ዓሶ መርሚሮም መድሃኒት ዝዕደሉ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዘለዎ'የም።

ካልእ መሳይን ዘይኣትውአ ህዝቢ ዝነብሮም ሓዲግ ቦታታት እቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣገልግሎት ክታብት ኣደን ህጻንን ክንክን ነበሰጾራትን ሰብ ሞያ ጥዕና ብምልኣኽ'ዩ ዝዕመም። ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ብሁትና እትጥርናፍ፡ ካብ ዓረዛ 83 ኪ.ሜ ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ ናብ እምኒ ሓይሊ ዝቐረበ ቦታ ዝተደኮነት ላቼን እትበሃል ዓዲ ኣላ። ነበርቲ'ዛ ዓዲ ምስ ጥዕና ምትእስሳር ኣብ ዘለዎ ማሕበራዊ ሽግር፡ ናብ ዓዲ-ጉረቶ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ይቐርቡ። ነዛ ዓዲ ንለዋ ሽግርን ራሕቂን ተራእዩ ከኣ፡ መደበር ጥዕና ክስራሓላ ይሕተተላ ኣሎ። ካብ ማይደማ ንወገን ሰሜን ኣስበ 50 ኪ.ሜ ርሕቀት ዘለዋ፡ ማኪና ዘይኣትዋ ብእግርኻ ጥራይ እትኸየድ ምምሕዳር ማይ-ሓርሽ'ውን ተመሳሳሊ ጸገም'ዩ ዘለዋ።

### ሓለዋ ጽሬት ኣከባቢ

ጽሬት ኣደ ጥዕና'ያ። ኣደ ጥዕና ክትኮውን ግን ካብ ሓሚሞካ ሕክምና ምኻድ፡ ፈለማ ንዝበሽሳን ቤትካን ብጽሬት ምሓዝ ከምኡ'ውን ከበቢ'ኻ ብጽሬት ምሓዝ ይቐድም ክግበር ኣለዎ። ጽሬት ኣከባቢ ማይ ወለድ ሕማማት ኣብ ምግታእ ኣገደሲ ረቛሒ'ዩ። ከም ታሪኽ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ማይደማ ብሕማም ወጽኣት ፍልጥቲ'ያ ነይራ። ነርቲ'ታ ከተማ ሰሙናዊ ብዘይ ብኩራት ስሩዕ ከቡብያዊ ጽሬት ስለዝካየዱ፡ ተርእዮ ሕማም ወጽኣት ኣብታ ከተማ ታሪኽ ኩይኑ ካብ ዝሓለፈ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ኣብዚ ማይደማ ከም ኣብነት ትጠቐስ'ምበር፡ ንጥሬታት ጽሬት ኣከባቢ ኣብ ኩለን ምምሕዳር ከባቢታት'ቲ ንኡስ ዞባ ብስሩዕ'ዩ ዝካየድ። እቲ ዝቐደደ ወፈራዊ ጽሬት፡ ዕዉት ውጽኢት ክርከቦ ግን፡ እቲ ንጥፈታት ብዝዕባ ምሕደራ ጉሓፍ ኣፍልጦ ብዘለዎም ክኢላታት ክምራሕን ክምእዘዝን ይግባእ።



ነርስ ዘርኣም ዘሞ

### መዝብቲ ጸዓት

ጸዓት መሰረታውን ብርሃን ዓዲ ናይ ዝወጠኑ መደባት ምዕባለን'ዩ። ብዘይ ጸዓት ዝኣክል ምዕባለን ብልጽግናን ክረጋገጽ ኣይክእልን። ስለዝኾነ፡ ማዕረ መሰረታውያን ነገራት ተጠሚቲ ብደረጃ ሃገርን ዓለምን ከቢድ ዋጋ ብምኽፋል ክስራሓሉ ይርአ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ልዕሊ 40 ዓዲታት ተጠቀምቲ ጸሓያዊ ጸዓት (ሶላር) ስለዝኾና፡ ኣብ መንጎ እዚኣን ዝተደኩና ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ብቐንዱ ድማ ኮማዊ ሆስፒታል ዓረዛ፡ ዓዲ-ጉልቲ፡ ዓዲ-ጉረቶን ማይደማን ብምሉኡ'የ ዝጥቀማ። እተን ዝተረፋ መደበራት ጥዕና ዓዲ-ወሰኽ፡ ዝባን ደብርን ዐብልን ድማ ሶላ ተተኺሉለን ብዘይ ምቁራጽ ዕማማተን የሰላስላ።

### ገስጋሳትን ኣስተምህሮታትን

ኣብ ትካላት ጥዕና ሕሙማት ናይ ምርኣይ መደብ ቅድሚ ምጅማር፡ ፍልጥኦም ኣብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንምብራኽ መቓቓሒ ኣስተምህሮ ይወሃብ'ዩ። ኣብ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓረዛ'ውን ብዘይካ'ቲ ኣብ ሓፈሻዊ ሕማማት ኣተኩሩ ዝወሃብ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ብፍሉይ ጉሊሑ ዝረኣ ሕማም ቀዳምነት ተዋሂብዎ ኣስተምህሮ ይግበረሉ እዩ።

### መዝበዩ ነበሱጾራት

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓረዛ ናይ ዝሓርሳ ኣደታት ቁጽሪ 54 ሚእታዊት በጺሑ ኣሎ። ይኹን'ምበር ራሕቂ ቦታ፡ ጸገም መጓዓዝያን ካልእ ማሕበራዊ ሽግራትን ዝጠንቁ ኣብ ገዛኣን ሓሪሰን ድሕሪ ሕርሰን ግን ኣድላዪ ክንክን ንምርካብ ናብ ትካላት ጥዕና ብምምጻእ ኣገልግሎት ዝረኽባ ኣደታት ኣለዋ። ነዚ ጸገም ንምፍታሕን ቁጽሪ ናይ'ተን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት ንምብራኽን፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ማይደማ፡ ዓዲ-ወሰኽ፡ ዓዲ-ጉልቲ፡ ዓዲ-ጉረቶ ዝተዋደደ መዝበዩ ነበሱጾራት ኣሎ። ካልእ፡ ኣብ ዝባን ደብሪ ክህነጽ ጀሚሩ ኣሎ፣ ኣብ ዐብል'ውን ብህዝቢ ንኽስራሕ ምድላዋት ተጻፊፉ ይርከብ።



ትካል ጥዕና ዓረዛ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ሽበባት ኣብ ሓድሽ ዓመት

ኣብዛ ሓዳስ ዓመት
'ታይ ኣምሲለ 'ዕመት
መስተ የለ ሽጋራ
ጥዕያ ኑብሲ... ተቐዪራ
ኣበይከ ነይረ... እቲ ቐደም
ባዕልኻዶ ንሞት ትቀዳደም?
ሕጂ'ውን ክምብል በለ'ምበር...
ክልወጥ'የ ገና... ክበራብር



ኣብ ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ምእታው የድሊ ድዩ? ሓድሽ ዓመት ዝብሃል ኣሎ ድዩ? ነፍሲወከፍ መዓልቲ ንባዕላ ሓዳስ እንድያ... ንምንታይ ኢና ንኽንልወጥ ሓድሽ ዓመት ንጽበ ወዘተ. ዝብሉ፡ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ክትዕ ዝጸንሑ ዛዕባታት ስለ ዝኾኑ፡ ብዛዕባኦም ኣይኮንናን ክንዛተ።

እንታይ ደኣ ፍልስፍናዊ ትሕዝቶታት ናይ'ዚ ክትዕ ንጉድኒ ገዲፍና፡ ኑቶም ሓድሽ ዓመት ከም መወከሲ ለውጢ ክኾኑልና ዝመረጽናዮ ሰባት ልብታትና ንፈትሽ።

#### ምጅማርን ምቍራጽን

"ወልፍታት ክቋርጽ እየ!" ዝሕመረቶም መብጽዓታት ሓድሽ ዓመት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። 'ግናይ' ወልፊ ክቋርጽ እየ መደብ እዩ። 'ጥዑይ' ወልፊ ክፍልም እየ እውን ከምኡ ርእሱ ዝኸኣለ መደብ እዩ። 'ግናይ' ነገር ምቍራጽ እንተ ኢልና፡ እቲ ኻልእ ገጹ፡ ዝሓሸ ህይወት ምምራሕ ክጅምር እየ የስምዕ እዩ። ግና ኸኣ ማዕረ'ቲ ሓድሽ ነገር ምጅማር ይስራዕ ማለት ኣይኮነን።

ሓድሽ ዓመት ንወዲ ሓደ ዓመት ህጻን ጥራይ እዩ ሓድሽ ዝኾኖ እምበር፡ ካብኡ ንንዮ 2፡ 3፡ 4... እናበለ፡ ዓሰርተታት ሓድሽ ዓመታት ርእዩና ኢና። እሞ እንታይ ጌርና!? እዩ እቲ ቍም-ነገር።

ዓሚ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናይ ባንክ ሕሳብ (ቡክ) ዝኸፈተ ዓርክና፡ ኣብ'ዚ ቕንያት ሓድሽ ዓመት ረኺበዮ። "ምውህላል ገንዘብ ቀጺልካዮዶ?" ሓቲተዮ። 'ድሕሪ'ቲ ፈለማ ዝኸድኩዎ፡ ናብ ባንክ ገጸይ'ኳ ጠሚተ ኣይፈልጥን' ኢሉኒ። ገንዘብ ስለ ዘይረኸበ ኣይኮነን ናብ ባንክ ዘይከደ፡ እንታይ ደኣ ባህርይኡ ስለ ዘይለወጠ እምበር። ንሱ፡ ቡክ ናይ ካፈታት ኣስመራ ምህጣር እዩ ቐንዲ ሞያኡ።

ገንዘብ ኣብ ባንክ ምውህላል ማለት፡ ናይ ምሕሻሽ ባህርይኻ ምልዋጥ ወይ እውን ናይ ምቍጣብ ዓቕምኻ ምህጣር ማለት እዩ። እምበር ዝረኸብካያ 'ቅርሺ' ሒዝካያ ናብ ባንክ ዘብ-ዘብ ምባል ማለት ኣይኮነን። ጥቕምታት ምቍጣብ ገንዘብ ምዝርዛር ኣገዳሲ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ምስ ቈልዑ ዘይኮንና ምስ መንእሰያት ኢና ነዕልል ዘለና።

***

ሽጋራን መስተን ምቍራጽ ምስ ገንዘብ ምቍጣብ ጥራይ እንተ ኣተሓሒዝናዮ፡ ኩሉ ሃብታም ከትክኽን ክሰትን ኣሎዎ ከስምዕ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ሓድሽ ዓመት ምኽንያት ብምግባር መስተን ሽጋራን ክቋርጽ እየ እንተ ኢልና፡ ብቐንዱ ከምኡ ብምግባርና እንረኽቦ ረብሓ ክስወጠና ይግባእ። እቲ ውሳነ ድማ ናትና'ዩ። ብጥዕናና ዲና ንግደስ ዘለና ዋላስ ብገንዘብና? ወይ'ውን መስተ ምብዛሕ ትርጉም ከም ዘይብሉን ዋላ ሓንቲ ከም ዘይጠቐመናን ድዩ ተረዲኡና ወዘተ. እቲ ምስጢር ካብ ውሽጥና ዝተበገሰ ክኸውን ይግባእ። እምበር፡ ሰብ-ገበሮ ኢልና መብጽዓ ሓድሽ ዓመት ምእታው ትርጉም የብሉን ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ የምዝነና እዩ።

ኣብ ባር ኴንካ፡ መስተ እናሰተኻ "ካብ ጽባሕ ንንዮ መስተ ኣይጥዕማን'የ" ኢልካ መለኪያ ኣረቂ ናብ መሬት ምስ ኣፍሰስካያ፡ ንመደብካ ዝተቐበሉ መሳትይትኻ ሽዓ ንሻዓ 'ቺርስ ንመደብካ' ኢሎም ጠራሙዝ ኣናጉያም መስተ እዮም ዘቐጽሉኻ።

ንምንታይከ'ባ መስተ ይኹን ሽጋራ ተቋርጾ? ባህ ዝበለካ እንተኾይኑ ጨልጦ እምበር!... ኣብ ህይወትካ ዋላ ሓደ ጸገም ኣምጺኡልካ ዘይፈልጥ እንተኾይኑ፡ ከም ዘየምጽኣልካ'ውን ትተኣማመን እንተኴንካ ተብትቦ'ምበር 'ታይ ገዲሱካ እሞ ትገድፎ። ጥራይ ከም ዝጠቕመካ ርግጸኛ ኹን። እምበር ሰብ ሰታይ ስለ ዝበለካ ወይ'ውን ገንዘብ ስለ ዝሰኣንካ ክትገድፎ ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ሰብ ደኣ እንታይ ከ ዘይብል። ገንዘብ ድማ ሎሚ ትስእን ጽባሕ ድማ ትረክብ። ብፍላይ "ንመስተን ሽጋራን ዝኸውን ገንዘብ ኣይስኣንን እዩ" እዮም ዝብሉ እቶም ምኮራት!

***

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት
ዝነበረ... ውጥናት
ጌጋ ግዲ ነይሩ
ቀልጢፉ ተሰይሩ
እንድዒ... ምኻን ኣብዩኒ
ሕጂ ግን... ተረዲኡኒ !
ኣብ ክንዲ መደባት ምብዛሕ
ልዕሊ ዓቕምኻ ምዝርጋሕ
ዕላማኻ ንጽር ዝበለ
መደብካ ውርጽጽ ዘለ
እንተኾይኑ...
ትዕወት 'መስለኒ
እንድዒ ኸኣ ንስኹም ትብሉኒ !

#### ውጥንን ትግባረን

መደባት ብጸጋታት እዮም ዝትግበሩ። ጸጋታት ድማ ዝጭበጡን ዘይጭበጡን ኰይኖም ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ምንጪ ገንዘብ ዘይብልካ ክንስኻ ብገንዘብ ዝትግበር መደብ ኣይተውጽእን ኢኻ። መደብካ ገንዘብ ምርካብ እንተኾይኑ ድማ ጉልበትካ፡ ኣእምሮኻ፡ ግዜኻን ካልኦትን እቶም ቀንዲ ጸጋታትካ እዮም። ብዝኾነ መደባት ውልቀ-ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት ስለ ዝኾኑ፡ ኣዝዮን እትን ኢልካ ምትንታኖም ኣሸገርቲ እዮም። እዚ ኾይኑ እቲ ግና ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምውጣንና ጸጋታትና ብግቡእ ክንመዝን ይግባእ።

ዓቕምና ናይ ፈረስ ክንሱ፡ ብጻጸ ክስራሕ ዝኽእል ውጥን ምውጻእ ጌጋ እዩ። ምኽንያቱ፡ ጸጋታትና ንኽንቱ ይባኽን ኣሎ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ'ውን ንሓንቲ ለይቲ ዘየሕድር ስንቂ ሒዝካ ንዓመት ኣይግየሽን እዩ። "በየናይ ኣእጋር-ኣሰጋጋር" እዩ ነገሩ። ስለዚ ጸጋታትናን ውጥናትናን ክሰማማዕ ኣሎዎ።

ካልእ ድማ ጻዕቂ ዘኸትሎ መዘዝ እዩ። ንፋዕ ሰብ ሽሕ ግዜ ይንፋዕ ሰብ ምኻኑ ኣይተርፎን እዩ። ሰብ ስለ ዝኾነ ይደክም፤ ሰብ ስለ ዝኾነ ይዕንቀፍ፤ ሰብ ስለ ዝኾነ... ዓቕሙ ድሩት እዩ። ስለዚ ብዘይ መጠን ብዙሓት መደባት ምውጻእ ዓቕልኻ ኣጽቢቡ ከም ዘይትድምዕ ይገብር እዩ። ስለዚ ኣብዚ'ውን ጥንቃቐ ምግባር። ምኽንያቱ፡ ሓድሽ ዓመት ሎሚ ጥራይ ኣይኮነን። ንዓመታ ኣሎ፤ ድሕሪኡ'ውን ኣሎ። እምበር ነተን ብኸንቱ ዝሓለፉኻ 'ሓደስቲ' ዓመታት ንኽትትክእ ክትገብሮ ኣብ ዘይትኽእል ጻዕቂ መደባት ኣይትወሓጥ። ኣብዚ ዓመት ክትገብሮ ዝመደብካዮ ብመንጽር ቀዳምነታትካ ትሰርዖ'ሞ፡ ትገብሮ ድማ። ምኽንያቱ፡ ህይወት ኣብ ሓደ ሓድሽ ዓመት ንእለቱ ኣይቅየርን እዩ። ብርግጽ ግና ምቕያር ትጅምር ኢኻ።

#### ባህርያዊ ለውጢ

ምስጢር ናይ ዝኾነ ምስ ኑብስኻ እትኣትዎ መብጽዓ ምምጻእ ባህርያዊ ለውጢ እዩ። እምበር ጥር ኢልካ ዝመጽእ ለውጢ የለን። ባህርያዊ ለውጢ ድማ ከም ቃል ደኣ'ዩ ቀሊል ዝመስል እምበር ከም ኣምር ኣዝዩ-ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን እዩ። ምኽንያቱ፡ ባህርይኻ ምቕያር ማለት ብጥሪኡ ካልእ ሰብ ምኻን ማለት እዩ። ካልእ ሰብ ምኻን ማለት ድማ ሃንደበት ዝመጽእ ክስተት ኣይኮነን። ዋጋ ትኸፍለሉ ኣምር እዩ። ስምዒታትካ ምቕታል ኣሎ፤ ብጾትካ ምኽሳር ኣሎ፤ ብሰብ ምንጻል ኣሎ፤ ክሳዕ ትለማመዶ ኣብ ጸቕጥን ንኡስ-መጠን ጭንቀትን ምእታው ኣሎ... ክንደይ'ሞ ክንብሎ። ስለዚ ትብዓት ይሓትት። እምበር ሱቕ ኢልካ 'ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይግበረልና' ጥራይ እናተበሃሃልካ ተዛኒኻ ዝመጽእ ለውጢ የሎን።

ትማል ምሸት ሰታይ ዝነበረ
ኣሻብ ደኣ ሎሚ ተቐየረ!
ናይ ሓቂ ይግበሮ!

ትማል-ትማል እንድዩ ቀጣፊ ነይሩ!
እዋይ ፈጢርሉ... ተቐዪሩ!

እዚ ደኣ ዓሚ ዶ ሃካይ ኣይነበረን
ኣጻብዕቱ'ምበኣር ስራሕ ጀሚሩለን
እዋይ ተዓዲሉ!

ኩስቶ ዓርከይ...
ዘውዓሎ ዝውዕል፡ ኣብ ዘምሰዮ ዝሓድር
እዱብ ኰይኑ ኢሎሞ፡ ብመደብ ዝወፍር
ኣሰይ! ኣሰይ!

ንስኻ ኸኣ ኣታ ኣንባቢ
ንእስ ኢልካ ዲኻ ዋላ ዓቢ?
ንገረና'ባ ናይ 'ኒው የር' መደብካ
ንዓመታ መታን ክንሓተካ
ንዓኻ ኢና... 'ታይ ደኣ ኣስጊልካ!

ኤርምያስ ሰሎሞን



# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሰራሕ ክፍሊ
መበል 34 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ምሕደራ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት፡ ክልቲ ሓሳብ X & Y ኣብ ኣገባብ ምሕደራ ብምምልካት፡ መራሕቲ ኩሉ ሳዕ ሓደ ዓይነት ምሕደራ ከምዘይክተሉ ዘርኢ ኣብነታት ኣቕሪብና። ቀጺልና ኣብ እዋን ቃልሲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ዓይነት ምሕደራ ኮነ ድሕሪ ናጽነት ዝቐጸለ ምሕደራ ብመዘርዝር ክልቲ ሓሳባትዚ ንምግምገም። መቕጸልታኡ ይስዕብ፦*

***

### ደሞክራሲ እንታይ እዩ?

ካብ ተምሪ ዓና ምጥሐ ዓድና (ምስላ ትግረ)

ንመሰላ ዝተቐርጸት ኣደስ ዳርጋ ዘላ (ምስላ ትግረ)

ዕረ ዓደይሲ ካብ መዓር ዓና ይምቅር (ምስላ በሊን)

ኣርሓ ኣብ ዘይዓዱስ ደምጹ ከም ሳም (ምስላ ሳሆ)

ገበኛ ንእሉቱን ክንዲ በደሉን እንተዘይተቐጽዐ፡ ልቢ ንጹሃት ንዘበን ይናፍቅ

ካብ ብፍትሒ ዝጠፍኣት ሳመይ፡ ብዓመጽ ዝጠፍኣት ምራኒይ (ተገሃዲ)

ድሕሪ ምድኻም ምብትታንን ሕብረት ሶቭየትን ምውዳቕ ማሕበርነታዊ ስርዓታት ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ፡ ምዕራባውያንን ክኢላታቶምን ቀንዲ ምኽንያት ምውዳቕ ማሕበርነታዊ ስርዓት፡ እቶም ስርዓታት ዝኽተልዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ኣገባብ ምዃኑ ንዓለም ኣእሚኖም። ምስ ፍሽለት ሱ-ሓሳብ ዴስት ከኣ ኣብ መላእ ዓለም ሓድሽ እኹ ስርዓት ከምዝቖመ፡ ናይ ምዕራብ ደሞክራሲን ናይ ዕዳጋ ቁጠባን መፍትሒ ኩሉ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ጸገማት ምዃኑ ድማ ሰቢኾምን ኣብ ኩሉ ክትግበር ኣዘዙምን። ናብ ምብራቕን (ማሕበራዊ ስርዓት ዝነበረሉ) ደቡብን (ኣፍሪቃ፡ እስያ፡ ላቲን ኣመሪካ) ክኢላታቶም ብምውፋር፡ በትርን ካሮትን ሒዞም ብምቕራብ፡ ደሞክራሲን ናጻ ዕዳጋን ብሓደ ረፍዲ ከተኣታትዉ ተጓየዩ። ናጻ ዕዳጋ ዝብልዎ ጸኒሕና ክንዝምስሶ ኢና፡ ብደሞክራሲ ክንጅምር።

ደሞክራሲ እንታይ እዩ? ታሪኽ ሃገራት ምዕራብ ከምዘረጋግጾ ደሞክራሲ ኣብ ማእርሒ ኣማኢት ዓመታት ዝምዕበል ዝተሓላለኸ ማእርሒ እዩ። ናይ ምዕራብ ክኢላታት ንገዚኦ ርእሶም ዝሰማምዑሉ ሓደ መግለጺ'ውን የብሉን። እቶም ናይ ምዕራብ ናይ ፖለቲካ ሊቃውንቲ እንተኾኑ'ውን ደሞክራሲ እንታይ እዩ? እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ኾይኖም መግለጺን መዐቀንን እዩ ዘለዎም።

ኣብዚ ክፋል ጽሑፍና፡ ፈለማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንደሞክራሲ ብኸመይ ይገልጾ ብሓጺር ዳህሲስና፡ ህዝቢ በልጅም ደሞክራሲ ብኸመይ ይገልጾ ዝደህሰሰ መጽናዕቲ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንርኢ ኢና። ኣብ መጨረሽታ ድማ፡ ዝተፈላለየ ናይ ምዕራብ ኣማኻርቲ ትካላት ንደሞክራሲ ብኸመይ ይገልጽኦን ንምዕቃኑ ዝጥቀምሉ 'ስፍልጠታዊ መለክዒታት'ን ብዘርዝር ክንርኢ ኢና።

ፈለማ ግን፡ ንኣንባቢት/ኣንባቢ፡ ደሞክራሲ ንዓኺ/ንዓኻ እንታይ ማለት እዩ? ኣብ ህይወትኪ/ህይወትካ? ብዛዕባ ደሞክራሲ ዝዖዳ ኣጉዳሲ ትብልዮ/ትብሎ እንታይ እዩ? ኣብ ንእሽተይ ወረቐት ብምስፋር ብዛዕባ ደሞክራሲ ውልቀሰብ ዘለዎ መረዳእታ ምምርማሩ ጸቡቕ ምኾነ።

### ውድብ ሕቡራት ሃገራት "ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ"

ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2004 "ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ" (ESSENTIAL ELEMENTS OF DEMOCRACY) ዝበሎ ውሳነ ኣሕሊፉ። ሕቡራት ሃገራት ቀንዲ ኢሉ ኣብ ጽሑፉ ዘስፈሮ ሸውዓተ ባእታታት፦

1) ሚዛኑ ዝሓለወ ምምቕራሕ ስልጣን ኣብ ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ኣካላት መንግስቲ

2) ሓርነት ሓጋጊ ኣካል

3) ብዙሕነት ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ውድባትን

4) ምኽባር ግዝኣት ሕጊ

5) ተሓታትነትን ግሉጽነትን

6) ናጻ፡ ሓራ፡ ብዙሕነት መራኸቢ ብዙሓን

7) ምኽባር ሰብኣዊን ፖለቲካዊን መሰላት፡ መሰል ደምጺ ምምራጽን ንምርጫ ሕጹይ ምቕራብን

እዚ ብሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ "ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ" ናብ ደምጺ ምስ ቀረበ 15 ሃገራት ኣጽቂጠን፡ ዋላ ሓንቲ ሃገር ከይተቓወመት፡ ብዩብለለ ደምጺ ናይ 172 ሃገራት ጸዲቑ። ሕቡራት ሃገራት (ብቐንዱ እተን ኑቲ ውድብ ዝማእዝናኦ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን መሻርኽታን) ብቐጥታ ደዩ ብዘዘዋዋሪ ነዚ "ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ" ንሶሞ ወይ ተሓሰሞ ብዘይዕነቱ ንኻልኦት ሃገራት ከውሕጥወን ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመት ብዙሕ ጻዕሪ ኣካይዶም እዮም። ብዙሓት ናይ ምዕራብ ግብረ ሰናይ ማሕበራትን ኣማኸርትን ብቐጥታ ደዩ ብዘዘዋዋሪ ብሃገራት ምዕራብ እናተመወለ፡ ነዚ ሸውዓተ ባእታታትን ክጻዩኡን ኣብ ዘይማዕበላ ዝበሃላ ሃገራት ክሰግደድ ሰቢኾም።

ሓንቲ ካብዘን ትካላት፡ ኣብ በርሊን ዝመደበራ "ኣህጉራዊ ጸብጻብ ደሞክራሲ" (Democracy Reporting International) እትብሃል ኣብቲ ናይ "ጽድያ ዓረብ" (Arab Spring) ዝበልዎ ግዜ "ኣህጉራዊ ስምምዕ፡ ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ" (INTERNATIONAL CONSENSUS: ESSENTIAL ELEMENTS OF DEMOCRACY) ትብሎ ሰነድ ብደገፍ ሃገራት ምዕራብ ኣሕቲማ። እቲ ሰነድ ከም መጽተዊ ዘቐርባ ጸማቑ መግለጺ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦

"ኣብዚ ንዳሰርተታት ዓመታት ብምልካዊ ስርዓታት ዝግዝኡ ዝነበሩ ከባቢ፡ ሰልፈኛታት ደሞክራሲ ይሓቱ ኣለዉ። ጠለቦም ንጹር ኮይኑ፡ እንታይ ዓይነት ደሞክራሲ ከምዝደልዩ ግን ብሩህ ኣይኮነን። ኩሎም ግሁድን ኣብ ውድድር ዝምርኮሰ ምርጫን ከም ዝደልዩ ንጹር'ዩ። ይኹን'ምበር፡ እቶም ኣብ ምርጫ ዝሰዕሩ ብዙሓት፡ ዘለዎም ሓሳባት ብዛዕባ ኣገባብ ስርዓት መንግስትን ማሕበረሰብን ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተሳዕሩ ውሑዳት፡ ብዘልመታዊ (ምልካዊ) ኣገባብ ከየገድዱ ስክፍታ ኣሎ።" ብምባል እዩ እቲ ጸብጻብ ዝጅምር።

ኣብዚ ብዙሕ ሕቶታት ክለዓል ይከኣል እዩ። ፈለማ እዚ ናይ ብዙሓት ሰዓርቲ ንውሑዳት ተሰዓርቲ ከይዕብልሉዎም ዝበሃል ኣዘራርባ ናይ ምዕራባውያን ሕማም እዩ። ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ይኹን ሃገራት ኤውሮጳ ሓፋሽ ህዝቢ ናይ ምምራጽ መሰል እንተተዋሂብዎ ረብሓ ሃብታማት ክጠፍእ እዩ ብዝብል ስክፍታ፡ ንልዕሊ 100 ዓመት ደቀንስትዮን ንብረት ዘይብሎምን ደምጺ ከምዘይህልዎም ገይሮም እዮም።

ኣብ ግብሪ ይኹን ኣብ ካልኦት ሃገራት ናዕቢ ዘለዓዓሉ ደሞክራሲ እዮም ዝሓቱ ነይሮም ዝብል መግለጺ ንባዕሉ ኣካታዒ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ፡ ስክፍታ ዕብለላ ብዙሓት ነይሩዎም ምባል ሓቅነት የብሉን። ስክፍታ 'ዕብለላ'፡ ጸኒሑ ኣብ ግብጽን ካልኦት ሃገራትን ከምዝተጋህደ፡ ናይ ሓፋሽ ስክፍታ ዘይኮነስ፡ ናይ ምዕራባውያን ስክፍታ እዩ። እቲ ሓቂ፡ ረብሓ ምዕራባውያን ኣብ ኮንዶኾን ስለዝወደቐ እዩም ተሰኪፎም። ምዕራባውያን በቲ ሓደ ወገን ደገፍቲ ናይቶም ንዳሰርተታት ዓመታት ዝመወልዎም ኣቀይቁቀይ ዝበሉ ዝነበሩ ስርዓታት ኮይኖም ክረኣዩ ኣይደለዩን። በቲ ካልእ ወገን ድማ ህዝቢ ዝመረጾ ስርዓት ክመጽእ ኣይደለዩን።

ካልእ ክለዓል ዝኽእል ነጥቢ፡ ደሞክራሲ ማለት፡ "ካብ ህዝቢ፡ ብህዝቢ፡ ንህዝቢ" ኮይኑ፡ "ኣብ ናጻን ርትዓውን ውድድር" ዝሰዓሩ ዘመሓድርዎ ማለት'ዶ ኣይኮነን? እዚ ማለት ድማ እቶም ዝሰዓሩ ብሓሳቦም ክመርሑ ማለት'ዶ ኣይኮነን? ቀጺሉ እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፦

"እቶም ዝዕውቱ ብዙሓት እንታይ ገደብ ይግበሮሎም ዝበሉ ሕቶ፡ ከም ኣምር ደሞክራሲ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ዝበሃላ ሃገራት ምርኣይ'ውን ሓጋዚ ኣይኮነን፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ኣገባባትን ተሞኩሮታትን ስለዘለወን።"

እዚ መግለጺ'ዚ ጸኒሕና ብሰፊሑ ክንዝምስሶ ኢና። ንምዝኡ ግን እተን "ደሞክራሲያውያን ዝበሃላ ሃገራት'ውን ... ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ኣገባባትን ተሞኩሮታትን ኣለወን" ዝብል መግለጺ ጥራይ ንርአ። ኣብ መደምደምታ እቲ ጸማቑ ከምዚ ይብል፦

"ኩሉ ስርዓተ መንግስቲ ግን ደሞክራሲ እዩ ማለት ኣይኮነን። ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ስምምዓት ኑቶም ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ ይገልጹዎም እዮም። ብዙሓት ካብቶም ስምምዓት 'ብዮቼብዮ' ኣህጉራዊ ሕጊ ዝግዝኡ እዮም። ገሊኦም ድማ ከም ፍኹስ ዝበለ ሕጊ ክረኣዩ ዝኽእሉ እዮም። እዞም ሰነዳት ምሉእ መግለጺ ደሞክራሲ ዘይብሎም ኮይናም፡ ቁልፊ ባእታታት ግን ኣለውዎም፡ እቶም ባእታታት ድማ ኣገደስቲ ቅድመ ኩነት ንደሞክራሲያዊ ሰናይ ምሕደራ እዮም።"

እቲ ሰነድ ኣሰዒቡ ኑቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ናይ ሕቡራት ሃገራት "ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ" ይዝርዝር። ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ እዚ "ቀንዲ ባእታታት ደሞክራሲ" ተባሂሉ ዘሎ፡ ብዙሕ ግብራዊ ትርጉም ከም ዘይብሉ ብሓጺሩ ገሊጽናዮ ብምንባርና ምድጋሙ ኣየድልን። ሕቡራት ሃገራት ይኹን ሃገራት ምዕራብን ክኢላታቶምን ከኣ ደሞክራሲ ቀሊል መግለጺ ከምዘይብሉ ይእመኑ እዮም። እንተኾነ ብሸም ደሞክራሲ ብዙሕ ይገብሩ። ህዝቦም'ከ ንደሞክራሲ ብኸመይ ይገልጾ?

### ናትካ ደሞክራሲ'ዶ ናተይ?

ሕቡራት መንግስታት ኣገደስቲ ባእታታት ደሞክራሲ ዝበሎ ኣቐዲምና ርኢና። ቀጺልና ድማ ናይ ደሞክራሲ ተሓለቕቲ ኢና በሃልቲ ናይ ምዕራብ 'ግብረ ሰናይ ማሕበራት'፡ - ብዘይ ገለ ስክፍታን ሕንከትን ንሃገራት ካብ 1 – 100 ነጥቢ (mark) ደሞክራሲን ባዶላ ደሞክራሲያዊነትን ዝዕድላ - ንደሞክራሲ ከም መምርሒ ምኽሻን መግቢ ዘቕርብኦ ደቂቕ ዝርዝርን መቐረት ደሞክራሲ ዝመዝን 'ስፍልጠታዊ መዐቀኒ' ዝበልኦን ክንድህስስ ኢና።

ፈላጥት ንደሞክራሲ ብኸመይ ይገልጽዎ ብዘየገድስ ኩሎም ዝሰማምዕሉ ደሞክራሲ ናይ ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ደሞክራሲ ናይ ህዝቢ እንተካብ ኮይኑ ህዝቢ ንደሞክራሲ ብኸመይ ይርድኦ ወይ ይገልጾ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ህዝቢ ደሞክራሲ ብኸመይ ይርድኦ ዝደህሰሰ መጽናዕቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ይካየድ እዩ። ኣብዚ እነቕርቦ ኣብ በልጅም ዝተገብረ መጽናዕቲ እዩ። በልጅም መምረጺና ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎ። ገለ ካብኡ፥ በልጅም ንብዙሕ ዘመናት ኣብ ትሕቲ ሆላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን ብኸፊል ወይ ብምሉእ ግዝኣት ብምንባራ፤ ኣብ ኣፍሪቃ ግዝኣት ስለ ዝነበራ፤ ህዝባ ልዕሊ 3 ዝተፈላለዩ ቋንቋ ዝዛረበሉ ዝተፈላለዩ ሃይማኖት ዝኽተሉ ብምዃኑ'ዚ ፍልልይ'ዚ ድማ ብዙሕ ብደሆታት ዝሰገረን ኹ ዝሰጋር ዘሎን ብምዃኑ፤ ኔቶን (NETO) ኤውሮጳ ሕብረትን (EU) ማእከላይ ቤት ጽሕፈተን ኣብኡ ብምዃኑ፤ ህዝቢ በልጅም ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ተመኩሮ ደሞክራሲ ስለዘለዎ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ በልጅም ደቀንስትዮ መሰል ምድማጽ ኣብ 1948 እዮን ኣረጋጊጸን። እዚን ካልእን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ህዝቢ በልጅም ብተዛማዲ ምስ ካልኦት ሃገራት ምዕራብ ብምንጽጻር ብዛዕባ ደሞክራሲ ዝሓሸ መረዳእታ ክህልዎ ትጽበት ይግበረሉ። ህዝቢ በልጅም ብዛዕባ ደሞክራሲ እንታይ ይብል ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንርኢ ኢና።



**ይቕጽል . . .**

**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ዉድድር ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክ-ኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ቈላሕታ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:07 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲት-ኮም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት ሞላስ

Zara Mining Share Company

Gejeret, Tegadelti Street, House No -138, Asmara Eritrea

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ዛራ ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝጸንሕ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለ፡ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ዓይነት ንብረት

- ኣሕምልትን ፍረታትን ቀዳማይ ደረጃ
- ሽሮን በርበረን ቀዳማይ ደረጃ
- ውጽኢት ጸባ (ፋርማጆ፡ ችዝ፡ ጠስሚ፡ ሪኮታ) ፣ ሞርተደላ
- ሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግብን Grocery Items).
- ስጋ ደርሆ (Chicken Meat)
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጅኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሆላንድ።
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጅኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሃገርና።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ፡

- ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድ 2024 ምስ መንነት ወረቐት።
- መረጋገጺ ወረቐት ካብ ዕዳ ነጻ (Clearance) ሰነድ ኣታዊ ውሽጢ ን2024።
- መኽበሪ ጨረታ፡ ንኣሕምልትን ፍረታትን ናቕፋ 150,000.00 (ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ናቕፋ)፥ ንውጽኢት ጸባ፥ ሞርተደላ፣ ሽሮ፥ በርበር፣ ስጋ ደርሆን እንቋቑሖን ንነፍሲ ወከፍ፡ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ)፥ ንሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግብን Grocery Items) ፣ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብ ሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዙ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፥ ኣብ መበል 11 (ዓሰርተው ሓደ) መዓልቲ ስራሕ፣ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕደና ዛራ ኣስመራ ይኽፈት።
- ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ምስ ዘይርከቡ፥ ንዘቕረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተራእዩ፣ ምሉእ ሰነድ ምስ ዝኸውን ክወዳደሩ ይኽእሉ።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ዛራ C.P.O ብምርኣይ ክውሰድ ይከኣል።
- ተጫረትቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ክቕርቡ ምኳኖም ፈሊጦም ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ከቕርቡ ይግባእ።
- ትካልና ዝኾነ ዓይነት ኣስቤዛ፣ ንብቕዓቱ ዝምልከት ኣብ ዛራ (Zara Site) ምስ ወረደ ከምዝርአን፡ ብቕዓቱ ንዘይሓለወ ኣስቤዛ ናብ ኣቕራቢ ይመልስ።
- ዕዉት ኣብ 3ተ ግዜ ቀረብ ብቕዓቱን ጽፈቱን ተራእዩ ውዕል ይገብር።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185541/185543 ክትውከሱ ትኽእሉ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ።




### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣማኑኤል ወልደኣብ ምራጭ፡ ብዓልቲ ቤተይ ግደይ ግርማጽዮን ጊላጋብር ስለዝዮረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣምለሰት ዘርኣይ ሄሬረኣብ ምባል ተሪፋ፡ ማርታ ዘርኣይ ሄሬረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

መሓመድናስር ኣብርሂም ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ናስር ኢብራሂም ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣቶ ምሕረትኣብ ተኽለ ክፍለማርያም፡ ኣደይ ደመቐሽ ተኽለጊየርጊስ ጉብረኣኢያሱስ ስለዝዮረፈት፡ ኣነን 3 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ 13/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ሳልም ጆምዕ ማሕሙድ፡ ብዕለት 20/03/21 ዓ/ም መኪና ሰሌዳ ቁጽሪ ER 3A 2466 ቁጽሪ ቻሲ RX60-053796 ዝኾነት ካብ ተጸዋዒ ኣቶ ሚካኤል ሰለሙን ዑቕባጋብር ብውዕል መሸጣ ዝዓደግኩዋ፡ ተጸዋዒ ነዛ ዝሸጠለይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክይፈጸመለይ ከሎ ካብዚ ዓለም ስለዝተፈለየ፡ በዚ ድማ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሳልሕ ኢብራሂም ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ ኣሕመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሃና ወልደትንሳኤ ፍስሃጼን፡ ብዓል ቤተይ ቢንያም ወልዱ ማስመር ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ ሓንቲ ጓልና ከኣ ወራሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ንያት ዓንደሃይማኖት ሓንጣል ምባል ተሪፋ፡ ንያት ዓንደይ ሓንጣል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢትዮጵያ ወልደኣምለኽ ወልደማርያም ምባል ተሪፋ፡ ኣዜብ ጉብረኣምላኽ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ት/ዕድመ ኣማኑኤል ቴድሮስ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ኣማኑኤል ወልዱ ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን20/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣልማዝ ጸጋየ ኣለማየሁ፡ ኣደይ ለምለም ሃብተጼን ጉብረመስቀል ስለዝዮረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 6/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመነየ ሰሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ጥሪ ክጅምር ምኳኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ        ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሜሮን፡ ናብ ኣልጀሪያዊት ጋንታ ተጸምቢሩ



ሜሮን፡ ኣብ ኬንያ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2024

ኤርትራዊ ምኩር ተቐዳዳማይ ሜሮን ተሾመ፡ ብናይ ሓደ ዓመት ውዕል ምስ ኣልጀሪያዊት ክለብ ማዳር ፕሮ ሳይክል ተጸምቢሩ።

ሜሮን፡ ዳግማይ ናብ ብሸክለታ ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ብውልቂ ብሉጽ ብቕዓት ከርኢ ምጽንሑ ይዝከር። ኣብ ውድድራት ዞባ ማእከል፡ ምስተዮም ብዕድመ ኣዝዩ ዝዓብዮም ገለ’ውን ተቐዳዳማይ እንክሎ ዝዕዘዘዎ ዝነበሩ ውልዶ ተቐዳደምቲ እናተቓለሰ ዘርእዮ ዝነበረ ናይ ዓወት መንፈስ ከኣ መቐረት ናይ’ቲ ውድድር ክኸውን ክኢሉ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓወታት’ውን ኣመዝጊቡ እዩ። እዚ ወዲ 32 ዓመት ጉዳም ተቐዳዳማይ፡ በቲ ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ኣብ ሻምፒዮን ኣፍሪቃ 2024 ጸውዒት ናይታ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድር ዝወከላ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ረኺቡ ምንባሩ ይፍለጥ።

ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ግንቦት ኣብ ዞር ኣልጀሪያ ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣየ እዚ ጉዳም ተቐዳዳማይ፡ ብሮጌ ማልያ - ኣብ መዛዘሚት 10ይቲ መድረኽ ቀዳማይ ምምንጣሉ፡ ካብ ሻዱሻይ ጀሚሩ ለቢስዋ ነይሩ እዩ። ብሃጠቢ’ውን ራብዓይ ደረጃ ሒዙ ዛዚሙ።

ኣብቲ ውድድር ዘርኣዮ መሳጢ ቁመና እዩ ከኣ ቀልቢ እዛ ናይ ኮንቲነንታል ደረጃ ዘለዋ ኣልጀሪያዊት ክለብ ሰሊቡ። ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ድማ ኣፈሪሙዎ ኣሎ። ኣብዛ ጋንታ፡ ጉዳም ኣልጀሪያዊ ተቐዳዳማይ ዐዛዲን ላዕቃብ ይርከብ። ዐዛዲን ኣብ 2011 ኣብ ኤርትራ ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፒዮን ኣፍሪቃ ተወዳዲሩ ምንባሩ ይዝከር። ኣብ ሻምፒዮን ኣፍሪቃ 2024 ድሕሪ ዕወት ሄኖክ ምሉእብርሃን ካልኣይ ዝኣተወ ወዲ 20 ዓመት ደቡብ ኣፍሪቃዊ ኢሚል ቫን ኔከርክ እውን ከም ሜሮን ብናይ ሓደ ዓመት ውዕል ናብዛ ጋንታ ተጸምቢሩ ኣሎ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ሻምፒዮን ኣፍሪቃ 2024 ክትከውን ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝነበሮ ሜሮን፡ ኣቐዲሙ ኣብ 2016 ምስ ጀርመናዊት ክለብ ስትራዳሊ ባይክ ኣይድ፡ ኣብ 2017ን 2018ን ከኣ ምስ ባይክ ኣይድ ተጻዊቱ ነይሩ። ተመኩሮኡ ናብ መንእሰያት ኣብ ምሕላፍን ኣብ ምምእዛንን ምስጉን ዝኾነ ሜሮን፡ ዳግማይ እዚ ዕድል’ዚ ምርካቡ ኣዝዩ ከምዘተሓጎሶ ይሓረቦ። ቀዳማይ ጸወታኡ ከኣ ዝመጽእ 24 ጥሪ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ - ዞር ሻርጃ ምኻኑ ሓቢሩ። ጽቡቕ ዕድል ንሜሮን!

## ኦልሞ፡ ኣብ ባርሳ ክጸንሕ ከምዝደሊ ገሊጹ

### ባርሳ፡ ንሓዲሽ ዓመት ብሕማቕ ጀሚራታ

ዳኒ ኦልሞ፡ ናብቶን ዝደልየኦ ዘለዋ ክኸይድ ከምዝይደልን ኣብ ባርሴሎና ክጸንሕ ከምዝወሰነን ተሓቢሩ - ወላ’ኳ ናይ ምምዝጋብ ሕቶ ጋንታኡ ተቐባልነት እንተሰኣነ።

ኦልሞ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ብ55 ሚልዮን ዩሮ ካብ ኣርቢ ሌፕዚግ ናብ ባርሴሎና ከምዝተጸምበረ ይዝከር።

እንተኾነ፡ ባርሴሎና፡ ብሰንኪ ዘለዋ ፋይናንስያዊ ጸገማት፡ ከም ሓዲሽ ተጻዋታይ ከተፈርሞ ፋይንስያዊ ሕግታት ላ’ሊጋ ኣየፍቅደላን ነይሩ። ከም ግዝያዊ ፍታሕ ግና፡ ክሳብ ምዝዛም 2024 ጥራይ ከተመዝግቦን ከተጻውቶን ተፈቒዱላ።

ካብ ቀዳሞት ተሰለፍታ ዝኾነ ተኸላኻሊ ኣንድረያስ ክሪስቲያንሰን፡ ሰሪ ዝጋጠሞ መጉዳእቲ ነዊሕ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ብምንባሩ ኢያ፡ ኣብ ክንዳኡ ከተመዝግቦ ተፈቒዱላ። እቲ ዝተዋህባ ግዜ ብምብቃዑ ከኣ፡ ኣብዚ ሓዲሽ ወርሒ ከም ብሓዲሽ ከተፈርሞ ሕቶ ኣቕሪባ ነይራ።

ሕቶኣ ግና፡ ብቤት ፍርዲ ከተማ ባርሴሎና ምንጻጉ ይዝከር። ቅድሚ ናይ መውዳእታ ዕለት ዓመተ 2024 ዳግማይ ዘቕረበቶ ሕቶ’ውን ክሰምረላ ኣይከኣለን።

ይግባይ ትብል ዘላ ባርሳ፡ መታን እዚ ተጻዋታይ ከይትኸስር፡ ገዝእ ኣታዊ ክትረኽበሉ እትኽእል መገዲ ሃሰው ትብል ምህላዋ ይግለጽ። ሓደ ካብኡ፡ ኣብቲ እትሕድሶ ዘላ ስታድዮማ ካምፕ ኖ፡ ኣገደስቲ ሰባት ጥራይ ዝኣትውዎ ክፍሊ (VIP) ብልዕሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ክትሸጦ ትሓስብ ኣላ። ፈለማ ግና፡ ካብ ላ’ሊጋ ፍቓድ ክወሃባ ኣለዎ።



በዚ ኮይኑ በቲ፡ ዛጊት ኣንፈት ናይ’ዚ እሰጻናዊ ኣከፋፋሊ ንጹር የለን። ድሮ እኳ ላ’ሊጋ፡ ነቲ ካብ ዝርዝር ኣሶማት እዛ ጋንታ ወጺኡ ዝነበረ ክሪስቲያንሰን ዳግማይ ክምዝግቦ እንክሎ፡ ንኦልሞ ግና፡ ካብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኡ ብምውጻኡ፡ መጻኢኡ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ኣሎ። በዚ ከኣ ናጻ ተጻዋታይ ኮይኑ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

ክልተ ናይ ከተማ ማንቸስተር ጋንታታት ማን ሲቲን ማን ዩናይትድን ዝርከብኦን ገለ ክለባት ድማ፡ ስመን ምስዚ መንእሰይ ተኣሳሲሩ ይለዓል ኣሎ። ማን ሲቲ፡ ቅድሚ ምስ ባርሴሎና ምፍራሙ፡ ተገዲሳትሉ ኣሕዳራትሉን ኣብ ክረምቲ 2023 ከተፈርሞ ፈቲናን ነይራ። ኣብ ቅልውላው እትርከብ ዩናይትድ ከኣ፡ እዚ ኣጋጣሚ ከም ዓቢ ዕድል ርእያ፡ ብናጻ ክትውንኖ ሓሲባ ኣላ።

የጉዳስ፡ ኦልሞ፡ ካብዚ ናይ ሃገሩ ክለብ ባርሴሎና ክወጽእ መደብ የብሉን። “ካልእ ኣማራጺ ወይ ክለብ ኣይሓሰብኩን። ድሌት ኦልሞ ንጹር እዩ - ኣብ ባርሳ ክጸንሕ እዩ ዝደሊ።” ዝብል መግለጺ ከኣ ናይ ወኪሉ እዩ።

ፊደሪሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ፡ እዛ ጋንታ፡ ወጻኢታታ ከተጉድል፡ ዝያዳ ኣታዊ ክትረኽበን ፋይናንስያዊ ማሕንቖኣ ክትፈትሖን እዩ ዝጠልብ። ወላ’ኳ ዝያዳ ናይ ኦልሞ ጉዳይ ኣዛራቢ እንተዃነ፡ ባርሳ፡ ኣብ ጉዳይ መንእሰይ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ፓው ቪክቶር’ውን ተመሳሳሊ ጸገም ኣጋጢምዋ ይርከብ። ክሳብ ጽባሕ 3 ጥሪ እዚ ጉዳይ ኣብ መዕረፊኡ ከተብጽሖን ንኽልቲኦም ተጻወትቲ ከተመዝግቦምን ድማ ተተሰፍያ ኣላ።

## ጋላታሳራይ፡ ንስክሪኒያር ንምፍራም ማዕጾ ፒኤስጂ ተኹሕኵሕ

ቱርካዊት ክለብ ጋላታሳራይ፡ ንተኸላኻሊ ፒኤስጂ ሚላን ስክሪኒያር ኣብዚ ወርሒ ብልቓሕ ከተፈርሞ ብምድላዩ፡ ማዕጾ እታ ፈረንሳዊት ጋንታ ተኹሕኵሕ ኣላ።

ኣብ ክረምቲ 2023 ካብ ኢንተር ሚላን ናብ ፒኤስጂ ዝተጸምበረ ስክሪኒያር፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ኣድማዒ ተጻዋታይ ክኸውን ኣይከኣለን። ኣብ ትሕቲ መዘውር ምዕላም ሉዊስ ኤንሪከ ድማ፡ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ቦታኡ ከውሕስ ኣይከኣለን ዘሎ። ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ፡ ኣብ ሓሙሽተ ጸወታታት ጥራይ እዩ ተሰሊፉ። ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ናብ ሰዑዳዊት ክለብ ኣል-ነስር ክሰጋገር ከምዝኽእል ከኣ ይግለጽ ነይሩ።




ኣብዚ እዋን ከኣ፡ መራሒት ሊግ ቱርኪ ዝኾነት ጋላታሳራይ፡ ኣገልግሎቱ ብምድላያ ምስ ክለቡ ክትዛራረብ ጀሚራ ኣላ። ብቐዋሚ ናይ ምስላፍ ዕድል ክረክብ ከምዝኽእል ዝገለጸ እዚ ስሎቫኪያዊ፡ ኣብ ኢንተር ሚላን እንክሎ ዘርእዮ ዝነበረ ብቕዓት ዳግማይ ክመልሶ ዘኽእሎ ዕድል ክኸውን ከምዝኽእል’ውን ይእመት። ኣብ ጋንታኡ ክጸንሕ ወይ ካልእ ሊግ ክቕይር ድማ፡ ውሳኔኡ ይጽበዩ ኣለዉ።

ትማሊ 1 ጥሪ ዝተኸፍተ መስኮት ምስግጋር፡ 3 ሰሙናት ክፍቶ እዩ።

## ራሽፎርድ፡ ብዛዕባኡ ንዝበሃል…

ማርከስ ራሽፎርድ፡ ምስ ኣብ ጋንታኡ ማንቸስተር ዩናይትድ ዘለዎ መጻኢ ተኣሳሲሩ ንዘውረ ዘሎ መሰርሕ ምስግጋሩ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡሉ። ራሽፎርድ፡ ኣሰልጣኒኡ ካብ’ታ ጋንታ ምስ ኣለየ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ንሓዲሽ ብድሆ ድሉው ምህላዉ ብምግላጹ፡ ካብዛ ክለብ ክወጽእ እዩ ክብሃሉ ቀንዩ። ትማሊ ከኣ፡ ንምውጽኡ ዘቀላጥፍ ሓዲሽ ወኪል ቆጺሩ ከምዝርከብ ክግለጽ ወዒሉ።

እንተኾነ፡ እዚ እንግሊዛዊ፡ “ካብ ዝሓለፉ ሰሙናት ጀሚሩ ብዙሕ ሓሶት ዜና ክስራሕ ጸኒሑ። እንተኾነ፡ ዘስሕቕ እዩ፡ ምስ ዝኾነ ወኪል ኣይተራኸብኩን፣ ዝኾነ መደብ ከኣ የብለይን።” ክብል፡ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣብሉ መሊሱ።

## “ዳግማይ ናብ ቸልሲ ምጽምባረይ ሓደ ካብቲ ዘጣዕሰኒ እዩ” ሞሪኖ

ዓላሚ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ ሆዘዩ ሞሪኖ፡ ኣብ 2013 ንቸልሲ ንምዕላም ዳግማይ ናብኣ ክለብ ምምላሱ፡ ኣብ ናይ ምስልጣን ጉዕዞኡ ሓደ ካብቶም ክልተ ዝዓበዩ ዘጣዕስዎ ውሳኔታት ምዃኑ ገሊጹ።

ሓደ ካብቶም ናይ ኩሉ ሳዕ ዕዉታት ኣሰልጣኒ ምዃኑ ዝነገረሉ ሞሪኖ፡ ኣብ 2003-04 ንፖርቶ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ኣዕተራ እዩ ኣብ ክረምቲ 2004 ናብ ቸልሲ ተሰጊሩ። ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት ከኣ፡ ጽምኢ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ቸልሲ ከጥልል ክኢሉ - ዕወቲ 2004-05 ክትከውን ክኢሉ።

በዚ ፖርቱጋላዊ እናተመርሐት ድሕሪ ፍርቂ ዘመን ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለት ቸልሲ፡ ደጊማ ከኣ፡ ነታ ጸዋእ ኣብ 2005-06 ኣልዒላታ እያ። ኣብዛ ጋንታ መሰረታዊ ለውጢን ናይ ዓወት ኩነታት-ኣእምሮን ዘሀለወ ሞሪኖ፡ ኣብተን ዝጸንሓለን ሰለስተ ዓመታት፡ ሓሓንቲ ኤፍኤ ካፕን ኮሙኒቲ ሺልድን ዘርከብዎም ብድምር ሽዱሽተ ዋንጩ ዓቲሩ ተፈንዩ።

ሞሪኖ፡ ካብ 2008 ክሳብ 2010 ንኢንተር ሚላን፡ ካብ 2010 ክሳብ 2013 ንሪያል ማድሪድ ድሕሪ ምዕላሙ ከኣ፡ ኣብ ሰነ 2013 ዳግማይ ናብ ቸልሲ ተመሊሱ።




ወላ’ኳ ሳልሰይቲ ጸዋኡ ፕሪመር ሊግ ኣብ 2014-15 እንተዓተረ፡ ኣብ ዝሰዓበት ወቕቲ ብተደጋጋሚ ስለ እተሳዕረ ግና፡ ኣብ ታሕሳስ 2015 ቦታ ክሉብ ካብ መዝኑ ተኣልዩ። እዚ ዳግማይ ምልሶቱ ድማ እዩ ሓደ ካብቲ ዘጣዕሶ ምኽንያት ዝዘረቦ።

ንሱ፡ “ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ዘጣዕሱኒ ውሳኔታት፡ ንሪያል ማድሪድ ገዲፈ ናብ ቸልሲ ምምላሰይ እዩ። ፍሎረንቲኖ ፐረዝ (ፕረዚደንት ሪያል ማድሪድ)፡ ‘ዝኸበደ ሃገር ሰሪሕኻዮ ኢኻ ብሕጂ ዝበለጸ ክፍሊ ክመጽእ እዩ፣ ስለዚ ካብ ማድሪድ ኣይትውጻእ’ ኢሉኒ ነይሩ። ኣነ ግና፡ ድሕሪ ሰለስተ ከበድቲ ዓመታት ኣብ እስጳኛ፡ ናብ ቸልሲ ክምለስ ደልየ።” ክብል፡ ብናይ ቅድሚ 11 ዓመታት ውሳኔኡ ከምዝጠዓሰ ገሊጹ።

ኣብዚ ወርሒ 62 ዓመት ዝመልእ እዚ ዓላሚ፡ ካብታ ኣብ 2021-22 ኤውሮፓን ኮንፈረንስ ሊግ ዘዕተራ ኢጣልያዊት ክለብ ሮማ ኣብ ጥሪ 2024 ምፍናዉ’ውን እቲ ካልኣይ ዘጣዕሶ ምኽንያት ይዛረብ። ሞሪኖ፡ ኣብ መጻኢ ሃገራዊት ጋንታ ክዕልም ከምዝደሊ’ውን ኣእንፊቱ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ኣብ ስታድዩም ኣስመራ**

ኣዱሊስ - ማይ ተመናይ 11:30 ቅ.ቀ

ሓይሊ ኣየር - ደንደን 1:30 ድ.ቀ

ኩባንያ ሰምባል - ቀይሕ ባሕሪ 3:30 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ፡ ኣብ የመን ደብዳብ ነፈርቲ ኣካይዳ



ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ሰንዓ - ርእሲ ከተማ የመን ንወተሃደራዊ መደበራት ዕጡቓት ጉጅለ ሑቲ ዒላማ ዝገበረ ክልተ ተኸታተልቲ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመ፡ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን ኣፍሊጡ።

በቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ወተሃደራውያን ፋብሪካታትን ወተሃደራዊ ማእከል እዚን ከምዝዓነወ ድማ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ ሓቢሩ።

ዕጡቓት ጉጅለ ሑቲ፡ ከም መልሲ ግብሪ ናይቲ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ኣልማማ ደብዳብ፡ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ምስታ ሃገር ምትእስሳር ኣለወን ንዝበለን መራኽብ ከጥቅዓ ከምዝጀመራ እዩ ዝግለጽ።

በዚ ኸኣ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ብሪጣንያን፡ ካብ ዝሓለፈ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚረን ኣብ ልዕሊ ዕላማታት ናይ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ጸዕጹዕ ደብዳባት ከካይዳ ከምዝተራእያ ይሕበር።

ሑቲ፡ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ፡ ንመጀመርያ እዋን ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሰራዊት ሃገሩ ዘለዎ ኣጸዋር ተጠቒሙ ንኸሉ ትሕተ-ቅርጻታት ናይ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ከፍሑ ጸዊዑ ነይሩ።

ዋላ'ኳ እስራኤልን መሻርኽታን ኣብ የመን ዘካይድኦ ዘለዋ መጥቃዕትታት እናኣሓየልኦ ይመጽኣ እንተሃለዋ፡ ሑቲ ግን እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ደብዳብ ክሳብ ዘቋረጸቶ፡ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ደው ከምዘየብሎ'ዩ ደጋጊሙ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

ካብ ጠቕላላ ስፍሓት የመን ንሓደ ሰሶ ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብዚ እዋን ኣንጻር እስራኤል ዘካይዶ ቃልሲ ኣሐይሉዎ ይርከብ።

## ኣመሪካ - ዋጋታት መድሃኒት ይውሰኽ



ትካላት መፍረ-መድሃኒት ኣመሪካ፡ ዋጋታት ናይ 250 ዓይነታት መድሃኒት፡ ካብ መጀመርያ ናይዛ ወርሒ ጀሚሩ ብኣስታት 10 ሚእታዊት ከምዝውሰኽ ይሕብሩ ኣለዉ።

እቶም ዋጋኦም ዝውሰኽ መድሃኒታት፡ እቶም ቀዳሞት ፍሉጣትን ሰባት ብብዝሒ ዝጥቀመሉምን ምዃኖም ዝጠቐሱ ትካላት መፍረ-መድሃኒት ኣመሪካ፡ ብትካል ፒ-ፋይዘር ዝፈረዩ ኩሎም መድሃኒታት፡ 'ብሪስቶል ማየረስ' ዝተባህለ ንፍወሳ መንሽሮ ዘገልግል መርፍእን ካልኣትን ከምዝጠቓልል ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ኣመሪካ ዋጋ ናይ'ቶም ስሙያት ዝበሃሉ መድሃኒታት ብዕጽፊ ክውሰኽ ከምዝተራእየ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብ 2023 ዝነበረ ዋጋኦም፡ ምስቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ35 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ እዮም ዘረድኡ።

ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ሕልፊ ካልኦት ሃገራት ብሓካይም ኣብ ዝኣዘዙ መድሃኒታት ዝለዓለ ባጀት ከምትሰልዕ ዝነገረላ ሃገሩ፡ በትረ-ስልጣን ምስ ተረከበ ዋጋታቶም ንምጉዳል ከምዝሰርሕ እዩ ክሕበር ጸኒሑ።

ትካላት መፍረ-መድሃኒት ኣመሪካ፡ ንዋጋታት ናይ'ቶም ብብዝሒ ዝኣዘዙ መድሃኒታት ዓመታዊ ብዕጽፊ ክብ ከምዝብልዎ እዩ ዝነገር።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘሎ ዋጋታት መድሃኒት፡ ምስቲ ኣብ ካልኦት ምዕቡላት ሃገራት ዘሎ ዋጋታት ክነጻጸር እንከሎ - ብ3.22 ዕጽፊ ዝዛየደ እዩ።

## ኣይቮሪኮስት፡ ሰራዊት ፈረንሳ ጠቕሊሉ ክወጽእ ኣዚዛ

መንግስቲ ኣይቮሪኮስት፡ ኣብ ሃገሩ ዓስኪሩ ዝርከብ ሰራዊት ፈረንሳ ጠቕሊሉ ክወጽእ ኣዚዙ።

ብመሰረት ትእዛዝ ናይ'ቲ መንግስቲ፡ ልዕሊ 600 ዝኾኑ ወተሃደራት ፈረንሳ ካብዛ ወርሒ'ዚኣ ጀሚሮም ካብታ ሃገር ክወጹ ምዃኖም'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

በዚ ኸኣ፡ ቁጽሪ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዓስኪሮም ዝጸንሑ ወተሃደራት ፈረንሳ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ይኸይድ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።



ካብ 1960 ኣትሒዛ ኣብ ኣይቮሪኮስት ሰራዊታ ኣዋፊራ ዘላ ፈረንሳ፡ ኣቐዲማ'ውን ኣብ ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ዓስኪሮም ንዝጸንሑ ወተሃደራታ ጠቕሊላ ከምዝሰሓበት ይፍለጥ።

መንግስቲ ሴኔጋል'ውን ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2025፡ ኣብ ሃገሩ ዓስኪሩ ዘሎ ሰራዊት ፈረንሳ ጠቕሊሉ ክወጽእ ኣዚዙ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብቲ ዞባ ዝንቀሳቐሱ ሸበራውያን ንምቕላስ ብዝብል ጉልባብ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ዓስኪሮም ዝርከቡ ግዳማውያን ሓይልታት፡ ዛጊት ዝኣደ ኣበርክቶ ከምዘይገበሩ እዩ ዝሕበር።

## ቀጠር - ብጽቕጥቕጥ ብዙሓት ሰባት ቆሲሎም

ኣብ ዶሓ - ርእሰ ከተማ ቀጠር፡ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ብዝተኸስተ ጽቕጥቕጥ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝቖሰሉ ይሕበር ኣሎ።



ኣብ ቀንዲ ጎደናታት እታ ከተማ፡ ሓድሽ ዓመት ንምጽምባል ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ተኣኪቦም ምንባሮም ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ሓደጋ ርችትን ካልእ ናይ ኣየር ኮንሰርትታትን ክካየድ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ከምዝተኸስተ ኣመልኪቶም።

በዚ ኸኣ፡ ዛጊት ቁጽሮም ብንጹር ዘይተገልጸ ሰባት ቆሲሎም ኣብ ሕክምና ተዓቚቦም ከምዝርከቡ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ዝተወደበ ምርኢት፡ ብሰንኪ'ቲ ዝተኸስተ ጽቕጥቕጥ ኣቕዲሙ ከምዝተቋረጸ ዝሓበሩ ሰበ-መዚ ቀጠር፡ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ብዝሒ ሰብ ጠንቂ እቲ ሓደጋ ምንባሩ ኣፍሊጦም።

ኣብ 2015 እውን፡ ኣብ ከተማ ዶሓ ብዘጋጠመ ሓደጋ ጽቕጥቕጥ ልዕሊ 700 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት ኣስታት 860 ሰባት ድማ ከምዝቖሰሉን ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም፡ ዓበይቲ ኣጋጣሚታት ንምጽምባል ህዝቢ ብብዝሒ ኣብ ዝኣከበሉ እዋን ብዘኸስቶ ሓደጋታት ጽቕጥቕጥ፡ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱ እዮም ጸብጻባት ዝሕብሩ።

## ካምቦድያ - ልዕሊ 14 ቶን ዕጸ-ፋርስ ተታሒዙ

ኣብ 2024፡ ኣብ ካምቦድያ ኣስታት 14.7 ቶን ዝምዘን ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ከምዝተታሕዘ፡ ክፍሊ ጸረ ዕጸ-ፋርስ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ መንግስቲ ካምቦድያ፡ 'ናርኮቲክ' ዝተባህለ ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ሒዞም ዝረኸቦም ልዕሊ 23 ሽሕ ጥርጡራት ኣብ ቀይዲ ከምዝኣተወ ክሕበር እንከሎ፡ እቲ ቁጽሪ ምስ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ30.5 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣፊሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ 2023፡ ካብ 2.3 ቶን ዘይሓልፍ ናርኮቲክ ጥራሕ ከምዝተታሕዘ እዩ ዝሕበር።

በዚ ኣብ 2024 ተመዝጊቡ ዘሎ ልዑል ወሰኽ መጠን ዕጸ-ፋርስ ዝሰግኦ መንግስቲ ካምቦድያ፡ ንምክልኻሉ ዕቱብ ስጉምቲ ክወሰድ ጻውዒት ኣቕሪቡ ኣሎ።



ብዝተጠቃምነት ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ምስ'ተን ቀዳሞት ሃገራት እትሰርዕ ካምቦድያ፡ ኣብ ኑሓሰ 2023 ቀዳማይ ሚኒስተር ሃን ማኔት ስልጣን ካብ ዝሓዘ ንደሓር፡ ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ንምቁጽጻር ወፍሪ ከተካይድ ከምዝጀመረት እዩ ዝግለጽ።

ብመሰረት ሕጊ እዛ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ እትርከብ ሃገር፡ ልዕሊ 80 ግራም ዝምዝን ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ሒዙ ዝተረኽበ ሰብ፡ ንሕልፈት ከምዝፍረድ እዩ ዝሕበር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 2/01/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services